# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.15 ረቡዕ 18 መስከረም 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ቬትናም፡ ንወለዶታት ዝሰጋገር መዘዝ ጸረ-ጸሀይይ



ገጽ 4
ምቃል ልበይ ምለስለይ!



ገጽ 6
ምክልኻል ጽልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ባሕሪ



ገጽ 11
ደቀምሓረ፡ ቅድድም ብሽክለታ ፈሊሙ



## ኤርትራን ሰይንት ሉችያን ዲፕሎማስያዊ ዝምድና መስረተን

ኤርትራን ኣብ ምብራቓዊ ካሪብያን እትርከብ ደሴታዊት ሃገር ሰይንት ሉችያን፡ ብ16 መስከረም ወግዓዊ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና መስሪተን።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ቀዋሚ ሚሽን ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ክልተኣዊ ዝምድና ንምዕዛዝ ብኽልቲኡ ወገን ዝሎ ድሌትን መብጽዓን ዘረጋግጽ ሰነድ ተኸቲሞ።

ኣብ ሰነድ፡ ብወገን ኤርትራ ቀዋሚት ኣምባሳደር ኣብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፊያ ተስፋማርያም፡ ብወገን ደሴታዊት ሃገር ሰይንት ሉችያ ድማ ቀዋሚት ኣምባሳደር ኣብ ሕቡራት ሃገራት መኒሳ ራምባሊ ኪቲመንኦ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣምባሳደር ሶፊያን ኣምባሳደር መኒሳን እዚ ሓድሽ ሸርክነት'ዚ፡ ኣብ መጻኢ ዝሓሸ ርድኢት ሓድሕድ ታሪኽ፡ ባህልን ባህግታትን ንምፍጣር ዝሎ ድሌት ዘጸር ከምዝኾነ፡ ከምኡ'ውን ኣብ መጻኢ ንዝምዕብል ክልተኣዊ ዝምድናታት፡ ብቐንዱ ኣብ ንግዲ፡ ትምህርቲ፡ ቱሪዝምን ዘላቒ ልምዓትን ባብ ዘርሑ ምዃኑ ገሊጸን።

እቲ ሰነድ ብተወሳኺ፡ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልእ ኣህጉራዊ መድረኻትን ንዘሎ ክልተኣዊ ምትሕብባር ኣብ ምሕያል ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘህልዎ'ውን ተገዚቡ።

ደሴታዊት ሃገር ሰይንት ሉችያ፡ ኣብ ምብራቓዊ ካሪብያን ትርከብ።



## ከረን - ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ንጥፈታቱ ገምጊሙ

ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ከረን፡ "ብቑዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ፡ ሓባርና ንስራሕ" ብዝብል ቴማ፡ ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ንጥፈታቱ ገምጊሙ።

ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር የሲፍ ዑቕባስላሴ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ'ቲ ዝተጠቕሰ ዓመት 48.3 ሚእታዊት ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 29,575 ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ከምእተሳተፉ፡ እዚ ድማ ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ብኣስታት 7 ሚእታዊት ክብ ዝበለ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ መጠን ምትራፍ'ውን ብ3.3 ሚእታዊት ከምዝወሓደ ሓቢሩ።

ንዝደኸሙ ተመሃሮ ኣለኻ ሓገዝ ዘይምግባር፡ ኣሉታዊ ጸቕጢ መዛኑ፡ እኹልን ውዱብን ንጽህና ዘይምክያድ፡ ብኩራት መምህራን፡ ከምኡ'ውን ትሑት ተገዳስነት ወለዲ፡ ገለ ካብ'ቶም ቀንዲ ጠንቅታት ምትራፍ ከምዝኾኑ ብምእማት፡ ድሙ ውህደት ቤት-ትምህርቲ፡ መምህራንን ሕብረተሰብን ክዓዚዝ ኣዘኻኺሩ።

መምህር የሲፍ ኣስዒቡ፡ ብመንገዲ መዋእለ-ህጻናት ናብ ሰሩዕ ትምህርቲ ዝጸንበሩ ተመሃሮ 68.7 ሚእታዊት በጺሖም ምህላዎም ጸቢቕ ኣሳላሲኺ እንተኾነ፡ ኣብ ብቕዓት ትምህርቲ ዓቢ ተራ ስለዘለዎ ብዝሓየለ ክሰርሓሉ ተላቢዑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ጠንቅታት ምትራፍ ብደቂቕ ተለሊዩ ምስ ሕብረተሰብ ክዝተየሉ፡ ንኣበርታውያን መምህራን ምኽሓዎን ምትብባዕን ብዝሓየለ ክስራሓሉ፡ ናይ ቤት-ፈተነን ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ደገፍ ክሕየል፡ ከምኡ'ውን ኣብ ባህልን ስፖርትን ዝጠዓዩ ተመሃሮ ናይ ትምህርቲ ሓገዝ ክግበረሎም ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ረዘነ ኣርኣያ ኣብ መወዳእታ፡ ዝተረኽበ እወታዊ ሸነኻት ብዝደዓ ንምንዋሕን ጉድለታት ብኡጋ ንምፍዋስን ኩሎም ኣካላት ብውህደት ክሰርሑ ጸዊዑ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ 2ይ ደረጃ ዝምሃሩ 66 ትካላት ትምህርቲ ኣለዋ።

## ማእከል - ኣብ ምውጋድ ሃሰይቲ ልምድታት ዘተኮረ ኣስተምህሮ ይወሃብ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብወከልቲ ጨናፍር ሚኒስትሪታት ጥዕናን ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝተወደበ ኣብ ማሶላት ቁልዑን ምውጋድ ሃሰይቲ ልምድታትን ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ክኢላ ህዝባዊ ጥዕና ሰስተር ኣርያም ኣደን ንበርቲ ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ቈልዑ ክሳብ ዓቕሚ ኣዳምን ሄዋንን ዝበቕዑ ኣደላዪ ስድራ-ቤታውን ኮማውን ናብዮትን ክንክንን ከምዝደልዩም ጠቒሱ፡ ክሳብ ደቀኣንስትዮ ብሕጊ ኤርትራ ንምግታእ ንቑሕ ተራ ሕብረተሰብ ወሳኒ ከምዝኾነ ኣዘኻኺሩ።







ክኢላ ማሕበራዊ ድሕነት ወ/ሮ ሉቱ ኣብርሃ ብወገኖ፡ ወለዲ ብፍላይ ምስ ሰንክልና ንዝተወልዱ ህጻናት ዝሃዳ ኣደሃባ ክህቡን ጎዳኢቲ ልምድታት ንምውጋድ ም ት ሕ ብ ባ ሮ ም ክቃለሱን ኣተሓሳሲባ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ወ/ሮ ልኡል ኣስራት ድማ፡ እቲ ኣስተምህሮ ኣብ ብጋበን ከምዝቐጽዕ ሓቢራ።

ሰስተር ኣርያም ወሲኻ፡ ህጻናት መሰረታዊ ናይ ትምህርትን ጥዕናን ማሶላት ክረኽቡ፡ ከምኡ'ውን ንተመሃሮ ደቀኣንስትዮ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ዝዕንቅጹ ሃሰይቲ ልምድታት ብሓፈሻ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ድማ ብፍላይ ግብሪ ንኽውዕል ተሳተፍቲ ኣበርክቶኦምን ምክትታሎምን ከዕዝዙ ጸዊዓ።

ተሳተፍቲ ሓጊዚ ሓሳባት ድሕሪ ምቕራብ፡ ንዕብየት ስፖርት 50 ሽሕ ናቕፋ ገዚኦዊ ሓገዝን ስፖርታዊ ዕጥቂ ከዕሶ እግርን ካልእ ንዋትን ብሓገዝ ኣበርኪቶም።

ዜና

# ድባርዋ - ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ስልጠና ተወዲቡ





ስእሊ - ፊልሞን መሓሪ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ጥዕናን ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኤርትራ ዝተወደበ፡ ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ኣተኣላልያ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላንን ዘተኮረ ናይ ሓደ ሰሙን ስልጠና ተዋሂቡ።

ኣብ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ደቡብ ኣወሃሃዲ መደብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤይድስን ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ኣቶ ኣሰፋው ጉብረሚካኤል ኣብ ዝሃቦ ትምህርቲ፡ ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤይድስ ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተሓተ ደረጃኡ ወሪዱ ከምዘሎ፣ ክሳብ 2030 ንሕብረተሰብና ናይ ጥዕና ስግኣት ከምዘይኮውን ንምግባሩ ድማ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ወኪል ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዞባ ደቡብ ኣቶ ደሳለ ሓጎስ ድማ፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ብሕብረተሰብ ብዘጋጠሞም ናብዮት ኑብሶም ክኽእሉ ዘሎ ተኽእሎ ልዑል ከምዘሎ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ስልጠና ንደቆም ኣብ ዝዕብርዎ ኣተኣላልያ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ንዘቕሰምዎ ፍልጠት ኣብ ባይታ ከተግብርዎን ናብ ካልኦት ከመሓላልፍዎን ምዃኖም ሓቢሮም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ፍረወንገል ተኽለሃይማኖት ድማ፡ ንግዳያት ናይ ምእላይን ምክንኻንን ሓላፍነት ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፡ ምምሕዳር ብዕቱብ ከምዝሰርሓሉ ብምሕባር፡ ከም'ዚ ዓይነት ጎስጓስ ክቕጽል ተላቢዑ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ኣብ ማሕበር ዝተጠርነፉ ልዕሊ 200 ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኣለዉ።

# ጽርግያ ገለብ - ኣፍዓበት፡ ብተሳትፎ ህዝቢ ይስራሕ ኣሎ

ካብ ሓወሲ ከተማ ገለብ ተበጊሱ ንኸባቢታት ኣስቃቅን ሩባ ህናናን ሰንጢቑ ናብ ምምሕዳር ከባቢ ፊልኮት - ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ዝኣቱ ሓድሽ ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ ብልዑል ተሳትፎ ህዝቢን ሰራሕተኛታት መንግስትን ይስራሕ ኣሎ።

እቲ ማስመር ምስ ተዛዘመ፡ ካብ ገለብ ናብ ሸዕብ ንዝተዓደደ ጉዕዞ ብፍርቂ ብምጉዳሉ፡ ንዝጸንሐ ጸገም መጎዓዝያ ከምዘቃልል ይእመን።

ኣባል ባይቶ ዞባ ዓንሰባ መምህር ተኽለሰንበት ተስፋማርያም፡ ካብ ገለብ ብመገዲ ኣፍዓበት ናብ ሸዕብ ንምእታው ዝሓጸረ ምዃኑ ብመጸናዕቲ ስለዘተረጋገጸ እቲ ወፈራ ይካየድ ከምዘሎ፣ እዚ ድማ ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ማሕበራቁጠባዊ ህይወት ከልተኡ ህዝብታት ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝህልዎ ሓቢሩ።

ጸሓፊት ህግደፍ ኣብ ንኡስ ዞባ ገለብ ወ/ሮ ኣድሓኖት ዓምር ብወገኖ፡ ካብ ገለብ ናብ ሸዕብ ዝወስድ ጽርግያ ክስራሓሉም ብቑጻሊ ክሓቱ ከምዝጸንሑ ብምጥቃስ፡ ንሱ ክሳብ ዝትግበር ድማ፡ ነበርቲ ክልቲኦን ንኡሳን ዞባታት ተረዳዲኦም ነቲ ወፈራ ከምዝጠበሱ ኣረዲኣ።

ሓረስቶት ንኡስ ዞባ ገለብ፡ ኣብ ሸዕብ ሓሪሶም ንዝረኸብዎ ምህርቲ፡ ብማስመር ጋሕቴላይ - ኣስመራ - ከረን ናብ ገለብ ንምእታው 264 ኪሎ ሜተር ክጎዓዙ ከምዝጸንሑ፣ እዚ ድማ ነዊሕን ኣድካምን ከምዝነበረ ዝሓበረት ወ/ሮ ኣድሓኖት፡ እቲ ተወሲዱ ዘሎ ተበግሶ ነቲ ጉዕዞ ብልዕሊ 100 ኪሎ ሜተር ከምዘጉድሎ ገሊጻ።

# ባረንቱ - ኣባላት ሓ/ምክልኻል እዚ ምዕራብን ሰራሕተኛታትን ደም ለጊሶም

ኣብ ከተማ ባረንቱ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እዚ ምዕራብን ሰራሕተኛታት ዝተፈላለየ ኣካላት መንግስትን ብወለንትኦም ደም ለጊሶም።

ቡቲ ዝተወሰደ ተበግሶ፡ ኣባላት ክፍላተ-ሰራዊት 18፡ 23፡ 37ን 524ን፡ ከምኡ'ውን ኣባላት ፖሊስ ንኡስ ዞባ ባረንቱን ቤት-ጽሕፈት ኤሪቴል ባረንቱን 145 ከረጺት ደም ከምዘለገሱ፡ ተሓቢሩ።

ትሕዝቶ ባንክ ደም ንምስሳን፡ ካብ ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ብሰሩዕ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 10 መዓልቲ፡ ካብ 70 ክሳብ 80 ከረጺት ደም ይእከብ ከምዘሎ ዝገለጹ፡ ኣቦ-መንበር ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ጉብረመስቀል እምባዬ፡ ኣብ ልገሲ ደም ዝጸንሐ ንቕሓትን መረዳእታን ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ከምዘሎ ኣፍሊጦም።

ለገስቲ ብወገኖም፡ ኣብ'ቲ ብዘይትካእ ደም ዘይትትካእ ሂወት ንምድሓን ዝካየድ ወፍሪ ተሳቲፎም ብምዃኖም ሕልናዊ ዕግበት ከምዝፈጠረሎም ብምጥቃስ፡ ዓይነት ደሞም ከኣ ጥዕናኦም ምፍላጥ፡ ኣብ ግዜ ልገሲ ደም ብናጻ ዝርከብ ረብሓታት ስለዝኾነ፡ መንእሰያት ብሓፈሻ ነቲ ሰናይ ተበግሶ ክስዕብዎ ተላብዮም።

# ጎኘ - ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት መግቢ ኣስተምህሮ ይወሃብ

ጨንፈር ዞባዊ ኣገልግሎት ቁጽጽር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጎኘ ንዝርከቡ ሓረስቶትን ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት መግቢ ንዘተጥፉ ኣካላትን ኣስተምህሮ ወሂቡ።

ሱቡሞያ'ቲ ዓውዲ ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ብፍላጥ ኮነ ብዘይፍላጥ ኣብ መስርሕ ምፍራይን ኣተዓቃቕባን ሕርሻዊ ምህርትን ንመግቢ ዝውዕሉ ወጽኢት እንስሳታትን ዝፍጸም ጉድለት፡ ኣብ ጥዕና ሰብ፡ እንስሳታትን ኣከባቢን ከቢድ ሳዕቤን ስለዝህልዎ፡ ኣፍረይትን ተጠቀምትን ክኽተልዎ ዘለዎም መምርሒ ምንጻር ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጾም።

ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝዘውተር ዘሎ ዘይውሑስ ኣጠቓቕማ ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ኩነ መኻዕበቲ ሕርሻዊ እቶት ከምዝካላት፡ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ከቢድ ጥዕናውን ኣከባብያውን ሃሰያ ከምዝለዎ ዝጠቐሱ'ቶም ክኢላታት፡ ኣፍረይቲ ብሱቡሞያ ንዝወሃብ ምኽርን መምርሕን ክኽተሉ ተማሕጺኖም።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጽጽር ሃብቲ እንስሳን ክኢላ ናይ'ቲ ዓውዲን ኣቶ መኣዘ ንጉሰ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ብሰንኪ ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ሰብትን ጥሪትን ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ግዳይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ክኾኑ ስለዝኽእሉ፡ ካብ ተጠቀምቲ ድሕነቱ ዘይተረጋገጸ መግቢ ክሕለቡ፣ ኣፍረይትን ወነንትን ሕርሻን ጥሪትን ድማ ካብ ተጠቀምቲ ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ተቘጠብም ወሁድ ሚላ ክኽተሉን ጥዕና እንስሳታቶም ክሕልዉን ኣተሓሳሲቡ።

# ማይ-ኣድከሞም - ክንክን ቅድሚ ሕርሲ ብ6 ሚእታዊት ዓብዩ

ኣብ ማእከል ጥዕና ማይ-ኣድከሞም፡ ክንክን ቅድሚ ሕርሲ ብ6 ሚእታዊት፣ ኣገልግሎት ክታበት ህጻናት ድማ ብ2 ሚእታዊት ዓብዩ።

ሓላፊ'ታ ማእከል ጥዕና ነርስ ሱሌማን ሑሴን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ 2024 ካብ መደበር ጥዕና ናብ ማእከል ክንክን ኣደን ህጻንን ዓብያ ኣብ ንጡፍ ስራሕ እትርከብ ማእከል ጥዕና ማይ-ኣድከሞም፡ ኣብ ምብራኽ ጥዕናዊ ንቕሓት ከምኡ'ውን ምክልኻል ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ዝምስገን ኣበርክቶ ትገብር ከምዘላ ገሊጹ።

ኣደታት ተገልገልቲ ብወገኖን፡ ብዝረኽብኦ ዘለዋ ኣገልግሎት፡ ጥዕናኣንን ጥዕና ዕሸላተንን ተሓልዩ ውሑስ ሂወት ይመርሓ ምህላወን ብምጥቃስ፡ ሳላ'ቲ ብሱብ ሞያ ጥዕና ዝወሃባ ኣስተምህሮታት፡ ኣፍልጦኣን እናሰፍሐ ዝኸደ ምክትታል ድማ እናበረኸ ከምዝመጸ ኣረዲኣን።

ማእከል ጥዕና ማይ-ኣድከሞም፡ ክታበት ኣደን ህጻንን፡ ክንክን ቅድሚ ሕርሲ፡ ሳብራቶሪ፡ ክታበት ህጻናት፡ ወለንታዊ መርመራ፡ ከምኡ'ውን ምኽርን ማዕዳን ዝጠቓልል ኣገልግሎታትን ጥዕናዊ ኣስተምህሮን ትህብ።

# ድግሳ - መብጣሕቲ ሓበላ ዓይኒ ተኻዪዱ

ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ድግሳ፡ ብጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ ዝተወደበ ሓፈሻዊ መርመራታት ዓይንን መብጣሕትን ተኻዪዱ።

ሓላፊ'ቲ ኮማዊ ሆስፒታል ነርስ ኤርምያስ እሙን፡ ቡቲ ካብ 30 ነሓሰ ክሳብ 3 መስከረም ብ8 ክኢላታት ሕክምና ዓይኒ ብናጻ ዝተዋህበ ኣገልግሎት፡ ን510 ሓፈሻዊ መርመራታት ዓይኒ ክካየድ ከሎ፡ ጸገማት ሓበላ ዓይንን ዓጽሚ ዓይንን ንዝጸንሖም 44 ድማ መብጣሕቲ ከም እተገብረሎም ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ጸቕጢ ዓይኒ (ግላኮማ) ከምኡ'ውን ጸገም ቅርዓብ ዓይኒ ንዝጸንሖም ኣድላዪ ምኽርን ሓገዝትን ከምእተገብረ ብዝወሃኺ ሓቢሩ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ን/ዞባ ሰገነይቲ ሓላፊ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ነርስ ሰመረ ኣለም ብወገኑ፡ እቲ ዝገበር ዘሎ ወፍሪ ሕክምና ዓይኒ፡ ብፍላይ ኑቶም ብሰንኪ ራሕቂ ቦታታት ክሽገሩ ዝጸንሑ ጸገማቶም ዘቃልል ብምዃኑ ኣገዳስነቱ ልዑል ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተመሳሳሊ ተበግሶ ኣብ መጻኢ'ውን ክደጋገሙ ተላብዩ።

ነቲ ወፍሪ ዝመርሑ ዶ/ር መኩንን ኣብርሃለይን ክኢላ መብጣሕቲ ዓይኒ ብስራት ወልደገርግሽን ብወገኖም፡ እቲ ሰራሕን ወጽኢቱን ዕግበት ከምዝፈጠረሎም ብምሕባር፡ ሕብረተሰብ ኣብ ክንክን ዓይኒ ዘለዎ መረዳእታ ክዕቢ ምዒዶም።

መብጣሕቲ ዝተገብረሎም ዜጋታት ድማ፡ ኣብ ከባቢኦም ንዝረኸብዎ ኣገልግሎት ብምምስጋን፡ ኣብ መጻኢ'ውን ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ንዝርከብ ህዝቢ ባይታ ዝፈጥር ተመሳሳሊ ወፍሪታት ክካየድ ኣዘኻኺሮም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ቬትናም፡ ንወለዶታት ዝሰጋገር መዘዝ ጸረ-ጻህያይ

ፈረንሳዊ ዜግነት ዘለዋን መበቈላ ቬትናማዊት ዝኾነትን ሰበይቲ ኣብ ልዕሊ ባየር- ሞንሳንቶ ዝተባህለ ኣፍረዩ ኣፋውስ ትካልን ካልኦት 13 ሕርሻዊ ቀመማት ዘፍርዩ ኩባንያታትን ከተቕርቦ ዝጸንሐት ክሲታት፡ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ፈረንሳ ከም ዝጸነ ክሕበር ቀጺሉ ነይሩ። ኣመሪካ ኣብ ቬትናም ኣብ ዘካየደቶ ኲናት ዝተጠቕመትሉ 'ኤጀንት ኦራንጅ' ዝተባህለ ቀመማዊ ሰሚ፡ እዞም ኩባንያታት ይቕርብኦ ምንባሮም እያ እታ ከሳሲት ትገልጽ።

ፖለቲካዊ ደንበታት ምዕራብን ምብራቕን ኣብ ካልኣይ ዓለም ዝሓሎ ዲፕሎማሲያዊ ኲናት እናኣካየዱ፡ ኢንዶቻይና ኣብ ዝተባህለ ቬትናም ላኦስን ካምቦድያን ኣብ ዝርከባሉ ዞባ ዓለም ግና ብርቱዕን ኣዕናዊን ውግእ ይካየድ ነይሩ።

ነፊርቲ ኣመሪካ፡ ቬትናማውያን ተቓለስቲ ዝሕብኡሉ ዱር ንምድሳው፡ ተኽሊ ዘጥፍእ 18 ሚልዮን ጃሎን ሰሚ ነጺገን ነይረን። እቲ ኤጀንት ኦረንጅ ዝተባህለ ሰሚ ንመሬት፡ ማይን ኣየርን እውን ስለ ዝበከለ ድሕሪ እቲ ውግእ ብዘፈጠሮ ሳዕቤናት 150 ሽሕ ህጻናት ስንኩላን ኰይኖም ከም እተወልዱ ጸብጻባት የረድኡ። እዚ ትራን ቶ ንጋ ዝተባህለት ከሳሲት፡ ቬትናም ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ፈረንሳ እንከላ ኣብቲ ከባቢ ዝተወልደት ኲዮና ኣብ 1966 ሰሚ ኦረንጅ ኤጀንት ክነጽግ እንከሎ ነቲ መርዚ ከም እተቓለዐት እያ እትገልጽ። ብሰንኪ እቲ ሰሚ ዝማዕበለ፡ ብሽኮርያ፡ ሕማም ሳንቡእን መንሽሮን እውን ትሳቐ ኣላ። ድሕሪ ውግእ ቬትናም ዝተወልዳ ደቃ፡ ካብኡ ብዝተመሓለለ ሰረት ስንክልና፡ ሓንቲ ሞይታ ካልኦት ከኣ ኣብ ስቓይ ከምዝለዋ ትገልጽ።

እተን ኩባንያታት ኣፋውስ ፍርያተን ንኻልኣይ ኣካል ማለት ንኣመሪካ ስለ ዝሸጣ ብቐጥታ ተሓታትቲ ከም ዘይብለንን ናይ ተሓታትነት ግዜ እውን ስለ ዝሓለፈ ኣብዚ እዋን እቲ ክሲ ቅቡል ከም ዘይኩነም እቲ ቤት ፍርዲ ገሊጹ ኣሎ። እተን ኣፋውስ ዘፍርያ ትካላት ብዘለወን ዝርጋሐ መርበባትን ደገፍ ሰብ ስልጣንን ብናይ ወልቀሰብ ክሲ ዝድፈራ ኣይኮናን።


እዚ ጸረ ጻህያይ፡ ዳዮክሲን ዝተባህለ መርዝም ሕክምናዊ ቀመም ስለ ዘለዎ ንሰብ ተኽሊን እንስሳን ከምርዝ ይኽእል። ዳዮክሲን ናብ ኣካላት ሰብ ምስ ዝኣቱ ንወሻጣዊ ናውቲ ኣካላትን ዋህዮታትን የዕኑ። ሆርሞናት የዛብዕ ስርዓት መከላኸሊ ኣካላት ከኣ የበላሹ። ሓደ ካብ ጠንቅታት መንሽሮ (carcinogen) ተባሂሉም ካብ ዝፍለጡ ሕክምናዊ ቀመማት ድማ እዩ።

ኣብቲ ኣመሪካ ልዕሊ 58 ሽሕ ወተሃደራት ዝቐበረትሉ ውግእ ቬትናም፡ ካብ 1962 ክሳብ 1971፡ መሕብኢ ቬትናማውያን ተጋደልቲ ንምድምሳስ ኣብ ልዕሊ 8 ሚልዮን ሄክታር ሜካ ዝ. ጸረ ጻህያይ ሰሚ ነጺሳ ነይራ። ካብ 4 ሚልዮን ፈረቓን ዘይውሕዱ ቬትናማውያን ቡቲ ሰሚ ተበኪሎም ምንባሮም ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ኣብቲ ውግእ ካብ ዝተሳተፉ ኣሰታት 3 ሚልዮን ወተሃደራት ኣመሪካ እውን ሓያሎ ዝ. ሰሚ'ዚ ከምእተቓልዑ የረድኡ።

ካብዞም ዝ. ሰሚ'ዚ ዝተቓልዑ ቬትናማውያን ኣሰታት 400 ሽሕ ከም ዝሞቱ ክፍለጥ እንከሎ፡ ቡቲ ሰሚ ዝተበከሉ ብኣሽሓት ዝቆጸሩ ወተሃደራት ኣመሪካ እውን ከም ሳዕቤን እቲ መርዚ መማቶም ይፍለጥ። ኣመሪካ ብሰንኪ እቲ ዓቕሊ ዘጽብብ ውግእ፡ ንተጋደልቲ ቬትኮንግ ንምጥፋእ ኣብቲ ዱራት ካብ ነፈርቲ ጸዕጹዕ ናይ ምንጻግ ስርሒታት ተካይድ ነይራ። እቲ ትካል ንጻህያይ ካብ ዝጸዝዞ መጠን ድማ 20 ዕጽፊ ከም ዝጸገት ጸብጻባት ይሕብሩ። ሰሚ ናይ'ቲ ጸረ ጻህያይ፡ ካብ ዝተበከለ እኽሊን ማይን ብዝተተኽለ ቑርበት፡ ካብ ዝተበከለ ኣየር ከኣ ብምስትንፋስ ናብ ኣካላት ሰብ ክኣቱ ይኽእል።

ኣብቲ ዕመር ሜካ ቬትናም ዝወረደ





ዕንወት ኣግራብ፡ ምምዝባል እንስሳን ሰብን ፈጢሩ ኣሎ። ሽፈን ኣግራብ ዝሀቦ ዝበረ ባህርያዊ ምዕሩይነት ኣከባብን ህይወታውያንን ኣዛብዑዎ ከም ዘሎ ጸብጻባት የረድኡ። ካብቲ ብኸላ ንምህዳም ብዙሕ ህዝቢ ናብ ከተማታት እኳ እንተተሰደደ፡ ኣማራጺ ዘይብሎም ሓረስቶት ክሳብ ቀረባ እዋናት ይሓርሱ ነይሮም እዮም። ዳዮክሲን ኣብ ደሙ ዝኣተዎ ሰብ ኣብ ጒዕሩኡ ጥራይ ዘይኮነ ንወለዶታቱ እውን'ዩ ዝልክዮ። ይትረፍ ዶ ኣብቲ ቦታ ዝተወልዱ፡ ኣብ ካልእ ካብ እተበከለ ቦታ ርሒቖም ዝተወልዱ ደቂ ከይተረፉ ስንኩላን ኰይኖም ክውለዱ ይኽእሉ።

ኣብዚ እዋን ኤጀንት ኦረንጅ ኣብ ጥቕሚ የለን። ግና ብከኢላታት ሕርሻ ተመርሚሮም ዘይተፈቕዱ ካብ ዘይሕጋውያን ዕዳጋታት ዝግዝኡ ጸረ ጻህያታት፡ ውሑስነት ኣለዎም ክበሃል ኣይክኣልን። ጸረ ጻህያይ መድሃኒት፡ ንሰብ ጥራይ ዘይኮነስ ንኣከባቢ ብሓፈሻ፡ ንግያት፡ ንግርሁን ንኣየርን ክበክል ይኽእል።

ቬትናማውያን ግዳያት፡ ክሲ ናይ'ዚ መርዚ እዚ ዝጀመሩሉ ብ2004 ኣብ ከተማ ኒውዮርክ እዩ ነይሩ። እቲ ቤት ፍርዲ ግና "ቅድሚ 1975 ምንጻግ ጸረ ጻህያይ ከም ገበን ኲናት ኣይቀኣጸርን ነይሩ" ብምባል ነቲ ክሲ ነጺግዎ። እተን ኣፍረይቲ ኩባንያታት ካብ ተሓታትነት ዘምልጣሉ ሓያሎ ዓለምለኻዊ ደገፋት ነይሩወን። እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ቬትናም ዝወረደ ቃልዕ በደል ግና ክሽፈን ዘይክእል ሓቂ ስለ ዝበረ ካልእ ናይ መደቓቕሲ ስጉምትታት ክውሰድ ከም እማመ ይቐርብ ነይሩ።

መንግስቲ ኣመሪካ ሓለፍቲ ክሽም ዝሓትት ዜጋ-ዝጌጋ ዝተባህለ መድረኽ ብሓያሎ ማሕበራትን ዩኒቨርስቲታትን ማሕበር ተቓለስቲ ቬትናምን እናተደገፈ፡ ኣብ ቬትናም ብሰሚ ዝወረደ ጉድኣት መኽተምታ ዝረኽቡ ተበግሶታት ክቶዩድ ይጽውዕ ነይሩ። ወቐሳታት ዝጠዝዓ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ንሸሙ ነቲ ዝተበከለ ስርዓት ኣከባቢ ንምጽራይን ንዝተጎድኡ ሰባት ረብሓ ዝውዕል ኣገልግሎት ዝሀቡ ትካላትን ንምቛም ተብጊሶን ነይረን።

## ኣመዓባብላን ውጽኢትን ውግእ ኢንዶ-ቻይና

ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ጆርጅ ቡሽ ኣብ 2006 ናብ ቬትናም ዑደት ድሕሪ ምኻዶም፡ ኣመሪካ ነቲ ኤጀንት ኦራንጅ ዘስዓቦ መዘዝ ኣፍልጦ ከም ዝሃበትን ሸው ዝተጀመረ መደብ ምጽራይ ኣከባቢ ኣብዚ እዋን ብብዙሕ ሚልዮናት ዶላራት ናብ ዝምወል ዋኒናት በጺሑ ምህላዉን ጸብጻባት ይሕብሩ። ቬትናም ኣብዚ እዋን ምስ ኣመሪካ ጽቡቕ ርክብ ካብ ዘለወን ሃገራት ደቡብ ኤሲያ ክትትከውን እንከላ፡ ካብ ሓሙኽሽቲ ዕንወት ተንስኣ ኣብዚ እዋን ኣብቲ ከባቢ ብቐርቱዕ ናህሪ ዝዓበየ ደረጃ ቁጠባ የመዝግብ ካብ ዘለዋ ሃገራት ሓንቲ እያ።

ቬትናም ኣብቲ ኣንጻር ፈረንሳን ኣመሪካን ዘካየደቶ ውግእ፡ ደቂቕ መጽናዕቲ ተገይሩሉ ብ1995 ኣብ ዝወጽኦ መግለጺ፡ 2 ሚልዮን ሰላማውያን ሰባት ከም ዝሞቱ ሓቢሩ። ካብ ሶሜን ቬትናም ዝኾኑ ተጋደልቲ ደቡብ ቬትናምን ከኣ ብሓፈሻ 1,100,000 (ሓደ ሚልዮንን ሚእቲ ሽሕን) ከም ዝሞቱ መንግስታዊ ጸብጻብ ይሕብር። ወተሃደራዊ ምንጪ ኣመሪካ ብወገኑ ምስ ኣመሪካ ተሰሊፎም ካብ ዝበሩ ሰራዊት ደቡብ ቬትናም ክሳብ ርብዒ ሚልዮን ክሞቱ ከምዝኽእሉ ኣረዲኡ ኣሎ።

ቬትናም ብፅጥቃዊ ቃልሲ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳ ኣብ 1954 ሓራ ክትወጽእ እንከላ፡ ኣብ ክልተ እያ ተመቒላ። ስለዚ እቲ ውግእ ብቐንዱ ኣብ መንጎ ሶሜንን ደቡብን ቬትናም እዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ሶሜናዊ ቬትናም፡ ስርዓት ዲሞት (ኮሚኒዝም) ብዝሰዓባ ሃገራት ሶቭየትን ቻይናን ዝድገፍ ኲይኑ፡ እቲ ደቡብ ከኣ ብኣመሪካን ካልኦት ሃገራት ምዕራብን ይድገፍ ነይሩ። ኣብ ደቡብ ቬትናም፡ ስርዓት ዲሞት ዝደሊ ቬትኮንግ እናተባህለ ዝጸዋዕ ዕጡቕ ሓይሊ ኣንጻር እቲ ጉጅለ መንግስቲ ውግእ ስለ ዝጀመረ፡ ሰራዊት ሶሜን ቬትናም ናብ ደቡብ ብምእታው ክሕግዞ ጀሚሩ። ኣመሪካ እውን ብውሑድ ሓይሊ ወተሃደራት ዝጀመረቶ ምትእትታውቕናወሰኸት ብዙሕ ሰራዊት ከተእቱ ክኢላ።

ሶሜን ቬትናም ኣብ ደቡብ ንዘለዉ ቬትኮንግ ናይ ሓገዝ መስመር ንምኽፋት ድማ ናብ ላኦስ ብዙሕ ሰራዊት ኣእትያ። ኣመሪካ ድማ ንቬትኮንግ ንምድምሳስ ብውሑድ ሰራዊት ዝጀመረቶ ምትእትታው ክሳብ 180 ሽሕ ዝጸሓሐ ወተሃደራት ኣእትያ። ደቡብ ቬትናም ብደገፍ ዘመናዊ ሓይሊ ኣየር ኣመሪካን ምዕቡል ኣጽዋርን ጸብለልታ እኳ እንተነበራ ንቬትኮንግ ክትስዕር ግና ኣይከኣለትን። ሰራዊት ቬትናም፡ ኣብ 1968 ሰለስተ ወርሒ ዝወሰደ "መጥቃዕቲ ቴት" ዝተባህለ ወተሃደራዊ ስርሒት ኣካይዱ ነይሩ። ኣብ ደቡብ ኣብ ዝርከብ መዓስከራት ኣመሪካን ሰራዊት ደቡብ ቬትናምን ሩፍታ ዝኸልእ መጥቃዕቲ እዩ ነይሩ። ሰራዊት ኣመሪካን ደቡብ ቬትናምን ነቲ መጥቃዕቲ ካብ ደፋዕ ከምክትዎ እኳ እንተኸኣሉ ከቢድ ሃስያ ስለ ዝወረዶም ንያቶም እናኣንቈልቈለ ከም ዝኸደ ሰነዳት ይሕብሩ።



ሶሜን ቬትናም ድማ "ግዝያዊ ሰውራዊ መንግስቲ ረፓብሊክ ደቡብ ቬትናም" ኢላ ዝሰየመቶ መንግስቲ ከም እተመስረተ ኣዊጃ። ነቲ ኣብ ካምቦዲያ ዝበረ ንጉሳዊ ስርዓት ብምዕላው ናብ ካምቦዲያ ሰራዊት ኣእትያ። ኣመሪካ እውን ዝ. ንምጽራር ወተሃደራታ ናብ ካምቦዲያ ልኢኻ። ኣብ ሰለስቲአን ሃገራት ድማ ኣዝዩ ውዕወዕ ኲናት ተኻይዑ ነበረ።

ላኦስ ካምቦዲያን ቬትናምን (ኢንዶቻይና) ኣብ ሓደ ሓወሲ ደሴት ዝኾኑ ቅርጺ መሬት ስለ ዝርከባ ፍርቂ ሓራ ኣውጺእካ ፍርቂ ንጸላኢ ክትገድፍ ሓደገኛ ነበረ። ኣብ ኣመሪካ ነቲ ኲናት ዝቃወም ናዕብታትን ጸቕጥን እናበዝሐ ስለ ዝኸደ ድማ ካብ 1972 ንደሓር ብዙሕ ሰራዊት ክትስሕብ ጀሚራ። ኣብ 1973 እውን ጠቕሊላ ወጺኣ። ሰራዊት መንግስቲ ደቡብን ሶሜንን ቬትናም ንክልተ ዓመት ምስ ተዋግኡ፡ ሰራዊት ሶሜን ቬትናም ኣብ 1975 ብዓወት ናብ ርእሲ ከተማ ሳይጎን ኣትዩ። ክልቲአን ቬትናም ከኣ ከም ቀደመን ሓደ ኰይነን። ላኦስን ካምቦዲያን እውን ሓራ ወጺአን። ካምቦዲያ ንሓደት ዓመታት ብውሽጣዊ ቅልውላው ክትሕመስ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብዚ እዋን ዝተረጋግአት ሃገር እያ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ደሃይ ኮለጅ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ቴራብ |
| 14:25 | ፍረ ጻዕሪ |
| 14:40 | ኣከባብራ በዓል ቅዱስ የሃንስ ኣብ ማይ ዕዳጋ |
| 15:15 | ህርመት |
| 16:30 | ካብ ኩሕሊ ነሓሰ ክሳብ ዐፍ መስቀል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ቅርጺ ካርታ ኤርትራ ኣብ ቤተክርስትያን ማዕረባ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መዚቃዊ ድራማ ኣወደ-ኣመት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም መስተንክር 49 |

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ሞቓል ልበይ ሞለስለይ!

*15/05/2012*

ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርተይ ኣብ ሓንቲ ካብ ኮለጃትና ድሕሪ ምውድኣይ፡ ሌላ ምስ ኣሃዱታት ንምግባር ኢለ'የ ናብዛ ኣሃዱ መጺአልኪ ዳየረይ። ኣብ ኣሃዱና ብኸምዚ ዝተመደባ ወይ ሃገራዊ ግቡኣን ንምፍጻም ኢለን ዝመጽኣ ኣዋልድ'ውን ነይረን። ምስ ኩለን ጽቡቕ ርክብ እኳ እንተ ነበረኒ፡ ፍትውቱው ዘብለን ግን ክልተ ነይረን። እታ ሓንቲ ምሳና ነዊሕ'ያ ገይራ። እታ ካልኣይቲ ግን ኣብዚ ቀሩብ ግዜ ናባና ተመዲባ መጺኣ። ካብቲ ዝመጽኣትሉ ዕለት ጀሚረ ብጽቡቕ ክቐርባ ጀሚረ። ኣብቲ ከም ኣሕዋት ኴንና ንኸደሉ ዝነበርና እዋን እምበኣር ርክብና ኣንፈቱ ክቕይር ጀሚሩ። ሓደ ምሸት በይና ኰይና ንዓይ ጸዊዓትኒ። ቀሩብ ዘጨንቓ ነገር ስለ ዝነበራ፡ ንበይና ኮፍ ክትብል ትመርጽ ነይራ። ኣነ'ውን ናብኣ ብምኻድ ተኻፋሊ ጭንቀታ ኰይነ፣ ነቲ ዘጨንቓ ብሓደ ኴንና ፈቲሕናዮ። ካብኡ ንንየው በይነይ ኰይነ ንኽዕልላ ዕድል ረኺበ። ምሒር ምልምማድ ፍቕሪ ዘወልድ ግዲ ኰይኑ፡ ፍቕሪ ክሕዘኒ ግዜ ኣይወሰደን። ንደቓይቕ'ውን እንተ ዘይተረኣኢና ምኽኣል ኣብ ንስእነሉ ደረጃ በጺሕና። ኣብ ከምዚ ኵነታት እንከለና እምበኣር፡ ኣነ ንዓሰርተ መዓልታት ብዕረፍቲ ክኸይድ ብሓለፍተይ ተነገርኩ። ጓል ኣሃዶኻ ምፍቃር ድርብ ሓላፍነት ከም ዘስመዓካ'ዩ ዝገብር። ኣብ ናይ ሓባር ህይወት ብኑብስኻ ጥራይ ዘይኰነ፡ እንተ'ላይ ብብጾትካ ስለ እትሓስብ ኣካል ሓንቲ ስድራ ኢኻ ትኸውን። በቲ ሓፍትኻ፡ በቲ ኣፍቃሪትካ፡ በቲ ብጸይትኻ...፣ ነዚ ኵሉ ጠቕሊሉ ዘዕገርግረካ ፍቕሪ ዝከኣል ኣይኰነን። ኣብ ከምዚ ህሞት እንከለና ዋላ ንዓሰርተ መዓልቲ ክንፈላለ ዝከኣል ኣይኰነን።

ኣነ ከም ዘፍቅራ፡ ንሳ'ውን ከም ተፍቅረኒ ከይተነጋገርና ንፈልጥ ኢና። ኣብ መንጎ ጽቡቕን ሕማቕን ተቐርቂረ። በቲ ሓደ ወገን ናብ ዝፈትዎም ስድራይ እኸይድ ብምህላወይ፣ በቲ ሓደ ከኣ ካብታ ዝፈተኹዋ (እሞ ሓሳባተይ ዘየካፈልኩዋ) ጓል እፈላለ ብምህላወይ ስምዒታተይ ተሓዋወሰኒ። እኸይድ ከም ዘለኹ ንኹለን ክነግረን እናሓሰብኩ፡ እታ ዝፈተኹዋስ ቀዲማ ሰሚዓ ጸኒሓ። "ደልየካ ኣለኹ!" ኢላ ኣብታ በይነይ ዝነበርኩዋ ኣጕዶ መጺኣትኒ። ንዕረፍቲ እኸይድ ምህላወይ ዘሐጉሳ ኣይትመስለን።



ንኽፍለያ'ውን ድሌት ኣይነበራን። ሰዓት 9:30 ምሸት ኰይኑ። ድሕሪ ነዊሕ ዝተፈራረቐ ዕላልን ምፍዛዝን፡ ኵሉ ሓሳባታ እናነበዐት ክተውጽኦ ጀመረት። ኣዝያ ከም ትፈትወኒ እሞ ኸኣ ካባይ ክትፍለ ከም ዘይትደሊ ነጊራትኒ። ቀልጢፈ ንኽምልስ ዓቕሚ ሰኢነ። ፈዚዘ ድሕሪ ምጽናሕ ነታ ፍርዳ ክትጽበ ዝጸነሐት ፍቕረይ፡ ኣዝየ ከም ዝፈትዋ ነጊረ፡ ልባ መሊሰ፡ ንብዓታ ደሪዘ ኣብ ሕቑፎይ ሸጒጥኩዋ። ኣብ ውድእ ግዜ ዝግበር ነገር የለን። ዓሰርተ መዓልታት ነዊሕ ኣይኰነን። ኣብ ርሱን መጀመርታ ፍቕሪ ግን ዓሰርተ ዓመት እዩ። ንሸዑ ምሸት ኵሉ ስምዒተይ ኣብ ውሽጠይ ኣንቢረ ጠጥዕሙ እናዕለልኩ፡ ካብ ጐድና ከተፈለኹ ኣምሰኹ። ኣብቲ ኣነ ዝቕመጠሉ ኣጕዶ ካልኣየይ ስለዝነበረኒ ክዕልላን ከየጸሙዋን ተላብየየ። ንፍቕረይ ናብ መደቀሲኣ ኣፋኒየ፡ ኣነ'ውን ናብ መደቀሲየይ ኣምራሕኩ። ነቲ ንፍቕሪ ዝፈጠረ ኣምላኽ ከመስግን ከይደቀስኩ ሓደርኩ።

***

እተን ኣብ ዓዲ ዘሕለፍኩወን ሸሞንተ መዓልታት ከም ሰማንያ መዓልታት ተመጢጠናኒ። ምስ ብሩኽ ዓርከይ መዓልታዊ እንክንራኸብ፡ ብዛዕባኣ እናዕለልኩ ኣላልየዮ። ብኽንደይ ዓቕሊ ጽበትን ጸሎትን እተን መዓልታት ተወዲኣን፡ ናብ ኣሃዶይ ተመሊሰ። ውዑይ ሃፍ ፍቕሪ ካብ ኣፍደገ መዓስከርና ኣትሒዙ ብሃንገፍታኡ ክቕበለኒ እጽበ ነይረ። "ኣደኻ ከም ዘለኣኽትካ ዘይኰነስ ዕዳጋ ከም ዝጸንሓካ'ዩ፡" ከም ዝበሃል፡ እታ ብፍቕሪ ዝነበዐት ጓል ምስቲ ብለበዋ ዝገደፍኩዎ ወዲ ገዛይ ጥቡቕ ርክብ ጀሚራ ጸኒሓትኒ። እቲ ኣሚነ ዝተቐበልኩዎ ፍቕሪ'ውን ኣይከም መጀመርታኡን። ንኹሉ ትዕዝብትታተይ ዝቓኒ ብዙሕ ዘረባታት'ውን ሰማዕኩላ። ኣነ ግን ናይ ውሽጠይ ኣብ ውሽጠይ ገይረ ንሳልስቲ ዝኣክል ተጸሚመያ። ምስቲ ወዲ ብግሁድ ከተዕልልን ከተማስን ብዓይነይ እርእያ ነይረ። ምስቲ ዝሰምዖ ዘረባ እናኣተኣሳሰርኩ ግዲ ኾይነ፡ ውሽጡ ክርእዮ ኣይፈተንኩን። ኣነ ድማ ከም ቀደመይ ምስተን ካልኦት፡ ብፍላይ ከኣ ምስታ መጀመርታ ዝፈትዋ ዝነበርኩ ከዕልል ጀሚረ። በይንና ኣብ ትረኽበና እዋን መጺኣ ክተዕልል ትደሊ። ኣነ ግን ገጽ እናኸላእኩ ምስታ ገርሂ ሓንቲ ዘትፈልጥ ምዕላል እቕጽል። ከሕርቓ ኢለ'ውን ኣንጻራ እናመለስኩ ሓያል መዳራይ ተቐይረ።

***

*27/05/12*

ቃልስና ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ክዓቢ'ምበር ክቕንስ ኣይረኣኹዎን። ተባዕታዊ ባህረይ መሊሱ እናኣናቐጸኒ፡ ልበይ ከርሕቕ ጀመርኩ። ንሳ ግን ምጽዋሩ ስኢና፡ ምሸት 12:30 ጸዊዓትኒ። ሕጂ'ውን ደጊማ ካብ ዝሓለፈ ብዝበልጽ ከም ተፍቅረኒ ነጊራትኒ። ኣብ መንጎ ክልተ በበይኑ ሓሳባትን ክውንነትን ተቐርቂረ። በቲ ዝጀመርኩዎ ክቕጽል ሓይሊ ኣይረኸብኩን። ዘሕለፍኩዎ ይኣክል! ንስለ ፍቕሪ ኢለ ነቲ ኵሉ ዝሓለፈ ረሲዐዮ። "ኣነ'ውን ተጋግየ፡" ኢለ ፍቕርና ክንቕጽል ተሰማሚዐ። ፍቕርና ከም ቀደሙ ክነስተማቕሮ ኣይከኣልናን። ኣብ ማእከል እኩብ ኣቲና ብዓይኒ ምጥምማት ጥራይ እምበር፡ በይንና ኴንና ክንጽንብሎ ዕድል ስኢንና። በይንና ከነዕልል ሓቲተያ። ምኽንያታት እናፈጠረት ተዕጠጠ። ሓደ ምሸት በይንና ንራኸበሉ ባይታ ብናተይ ጻዕሪ ከይተሓለልኩ ፈጢረ።

***

*30/05/12*

ሎሚ ምሸት ስለምንታይ ተዕጠጠ ከም ዘላ እንተ ሓተትኩዋ፡ ዘይሓሰብኩዎ ሓድሽ ነገር ተፈጢሩ። ሕጂ'ውን ኣዝያ ከም ተፍቅረኒ ነጊራትኒ፣ ሕራይ ኣነስ ዘይከምኡ እንታይ እደሊ! ኢለ ብውሽጠይ። ግን ክትኩነኒ ከም ዘይትኽእል ስለ እትፈልጥ፡ ንዓይ ኣብ ፍቕሪ ኣጥሒላ ክትገድፈኒ ስለ ዘይደለየት ከምኡ ከም ዝገበረት ነጊራትኒ። ጓል እሞ ኸኣ ክንዲ ሰብ ዝኣኽለት ብዕድመ ኩነ ተመኩሮ ካባይ ትዓቢ! ኣብ ፍቕሪ በጺሓ ወለቕ ዘለቕ ኢላትለይ። እቲ ምኽንያት እንታይ ምዃኑ ኣጥቢቐ ሓቲተያ። ካብ ሕሉፍ ተመኩሮኣ ብምብጋስ "ናተይ ድሌታት ኩሉ ምሉእ ክኸውን ኣብ ስድራይ እንተ ተወከስካ ይሓይሸ፡" ኢላትኒ። ኣነን ንሳን ከም ዘይንውድኦ ነጊራትኒ ማለት'ዩ። እንታይ ዝበለ ዕንክሊል እዩ! ነገራቱ ደንጽዩኒ። ከምቲ "ኢድካ ኣብ ባሕሪ ኣእትዎ'ሞ ወይ ዓሳ ሒዝካ ትወጽእ ወይ ተሓጺብካ ትወጽእ፡" ዝበሃል እዚኣ ድማ ልበይ ኣብ ፍቕሪ ኣውዲቓቶ። ልበይ ስለ ዝመቐለት ካልኣይተይ ገይረያ ነይረ። ነታ ምቓል ንኽትወስዳ ግን ወሰንቲ ኣድልዮማ። ንኸረድኣ ብዙሕ ጽዒረ፣ ግን በይንና ክንራኸብ ኣይከኣልናን። እታ እንኮ ፍታሕ ኢለ ዝሓሰብኩዋ ደብዳቤ እያ። ነቲ ናይ ክልተ ስጉምቲ ፍልልይ ዘለዎ መደቀሲኣን መደቀሲየይን፡ ብናይ ክልተ ሰዓት ፍቕራዊ ደብዳቤ ገይረ ኳሕኩሐዮ። ደብዳቤይ ደስ ግዲ ኢልዋ ኰይኑ፡ ደጋጊመ ክጽሕፈላ ምእንታን መልሲ ዘይብሉ ኣስቀጠት። ኣነ ኸኣ ስቕ ክብል ጀመርኩ። ፍርቂ ልቢ ጥራይ ወኒነ፣ ፍርቃ ከይተመለሰትለይ ናይ ውሽጠይ ዘይኩነ ውሳነ ወሲደ። ንዘይተፈልጠ መዓልታት ንሳ ኣብ ዘላቶ ከይመጽእ። ኣነ ኣብ ዘለኹዎ'ውን ንኸይትመጽእ፡ እንተ መጺኣ ግን ነብሰይ ምውጻዕ ይሕሸኒ ኢለ ክኸይድ ምዃነይ ነጊረያ። ጓለያት እዚዶ ዓጢጥዋ'ዩ፡ ኣኣብ ዘለኹዎ መጺኣ ኮፍ ደኣ በለት። ኣነ'ውን ንሳ ክትመጽእ እንክላ ተንሲአ ክኸይድ ወሲነ ነበርኩ። እቲ ተዋስኦ ብኸምዚ መልክዕ እናቐጸለ እንከሎ፡ "መዓልትን ከልብን ከይጸዋዕካዮም ይመጽኡ፡" ከም ዝበሃል ንሳ'ውን ብግዲኣ ንዕረፍቲ ክትብገስ ተሓበረት። ነዚ ምስ ሰማዕኩ እታ ዝተረፈት ልበይ ብሓይሊ ከም ዝተሃረመት፡ ፈግ በለት። እቲ ብዘይ ውሽጣዊ ድልየተይ ዝጀመርኩዎ ዘይምርጽኣይ ናይ ብሓቂ ተቐይሩ። ዝብሎ ጠፊኡኒ እንከሎ፡ ባዕላ መጺኣ ልባ ክመልሰላ ሓቲታትኒ። "ሕጂ ድማ ኣይትሓፍርን ነታ ዝተረፈት ልበይ ክትልክም ደልያ፡" እናበልኩ፡ "ልበይ ወሲድኪ እምበር...! ልብኺ ከም ዘይሃብክኒ'የ ዝፈልጥ፡" ኢለያ። ኣብ ርእሲ ዘላታ ተወሰኸታ ኰይንኒ። ገና ከይተበገሰት እንከላ እንደገና ብስራሕ ተጒራፊጥና፣ ነዛ ቻው'ውን በቒቓትለይ ቻው ከይበለትኒ ተዓዚራ። እታ ምቓል ልበይ'ውን ምስኣ ተዓዚረት። በቃ ከይዳ ንገዛኣ! ኣነ ኸኣ ከም ዝሃበኒ ንኹሉ ምኽኣሉ ክላመዶ ጀሚረ ኣለኹ።

"...ተመስገን ተመስገን እያ ቃለይ ኣምላኸይ ኣሚነ

ባህረይ ኣይልውጥን ብኣኺ ተዳኒየ

እቲ ዕቡይ መልሲኺ ንድሕሪት ኣወንዚፈ

ከነጽር ራእየይ ንቅድሚት ሓሊፈ..." ከም ዝበሎ ደራፋይ!።

**ተኽለ ኪዳን**

## ንኻልእ ግበረለይ

*22 ነሓሰ 2023*

ሞራለይን ተስፋይን ካብ ደርፌ ደልየዮ ነዛ ደርፌ እናሻዕ እናመላለስኩ ይሰምዓ ኣለኹ። ከመይ ገይረ ተስፋይ ክመልስ... ከመይ ገይረ ሞራለይን ሓይለይን ክመልሶ ጭኒቑኒ ኣሎ። "... ህይወት ከምኡ እንድያ እንታይ ትጋየሺ..." ድዩ ዝብለኒ ዘሎ? ህይወት ከምኡ ድኺ ብሓቂ? ነቲ ዘለዎ ትውስኺዮ ነቲ ዘይብሉ ከኣ ዘለቶ ዲኺ ተሕድግዮ? ኣቲ ከምኡ ዲኺ መልስለይ'ባ!! ዝገብሮ ጠፊኡኒ ኣሎ ንገርኒስከ?

መዓልቲ ጽግያተይ ካብ ዝሓልፍ ነዊሕ ከም ዝገበረ ብቕድሚ ትማሊ'የ ኣስተውዒለሉ። ብስንባደ ልበይ ውትፍ ኢላትኒ። ኣብ ዘለኹዎ ሮማዕ ኢለ፣ ርእሰይ ሒዘ በኺየ። ጎሮቤትና ሕሹኽታና'ውን ክሰምዑ ዘጽግሞም ኣይኰነን። በቲ ከይስማዕ ፈሪሐ፣ በቲ ሓደ ከኣ ምኽኣል ሲኢነዮ። ብመተረኣስ ተዓቢጠ ሒሕ ኢለ በኺየ። ካብ ሕጽኖትን ንገዛ ተመሊሰ'የ ዘለኹ። መርዓይ ዝተረግመ መርዓ እዩ። ካብ መጀመርታኡ ይፍለጠኒ ነይሩ። ካብ ምልሶት መጺኡ ዝወደኒ ከምዘየለ ተረዲኡኒ'ዩ። ዝገብሮ ነገር ኣይነበረንን። ክንዲ ሰብ ኣኺልና ንነብስና ዘይንውስነሉ ዕድመ ኰይኑ። ድሕሪ መርዓ እንታይ ኣሎ ድዩ። ትም ዘይብሉ። ናይ ስድራ ምትፍናን ህይወትና ይጽይቖ ኣሎ። ንሱ'ውን ምስኦም ሕኒን ምባሉ ዘይተርፍ እዩ። ህይወተይ ብጽምዋ፡ ጸገምን ሓርኮትኮትን እናመራሕኩ ከም ማና ዝተቐበልኩዎ መርዓይ ኣጒል ኰይኑ። እሞ ከኣ ጥንሲ!

"ኣንታ ኣምላኸይ ንኻልእ ግበረለይ!" እናበልኩ ሆስፒታል ከይደ። ጥንሲ ኰይኑ...! ነዛ ነብሰይ ጸሊኣ። በይንኺ ተዓጺኺ ብኸዩ ጥራይ'ዩ ዝብለኒ። ብኽይ ውዒለ ሓዲረ። ነብሰይ ከመይ ገይረ ይኣልያ ነይረ ባዕለ'የ ዝፈልጦ። ሕጂ ካልኣይ ደረበ ክወጾ ድየ? ኣንቲ ህይወት መዓስ ድኺ ትምቅርኒ? ንገርኒ'ባ ብተስፋ ክጽበያ።

**ሻደይ - ኣስመራ**

# ጸጋታት ባሕሪ

## ምክልኻል ጽልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ባሕሪ

ተስፋማርያም ኣረፈ

ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ዓምዲ ጸጋታት ባሕሪ ብዛዕባ ክሊማዊ ለውጥን ጽልዋታቱ ኣብ ባሕርን ገምገሙን ዘተኰረ ጽሑፍ ተኣንጊዱ ነይሩ፡፡ እዚ ከኣ ክሊማዊ ለውጢን ጠንቁን፡ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ባሀርያት ወይ ኣብ ጠባያት ባሕሪ ዘምጽኦ ሳዕቤን፡ ኣብ ህይወታውያን ባሕሪ ዘለዎ ጽልዋ፡ ኣብ ተቐማጦ ገምገም ባሕሪ ዘሸትሎ ማሕበራውን ቁጠባውን ሃሰያ፡ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝደኸሉ ትሕተ-ቅርጻን ቁጠባዊ ንጥፈታትን ዘሸትሎ ኣሉታዊ ሳዕቤናትን ዘተኰረ ምንባሩ ይዝከር፡፡ ከም መቐጸልታ ድማ፡ ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ዓንቀጽ፡ ክሊማዊ ለውጢ ንኸይከሰት፡ ጽልዋታቱ ንምንካይ፡ ከምኡ ድማ ንምክልኻሉ ኣብ ባሕርን ገምገሙን ክተየዱ ብዛዕባ ዝግብኦም ንጥፈታት ብሰፊሕ ቀሪቡ ኣሎ፡፡

እዚ ብዘለዓለ ጽልዋ ብንጥፈታት ደቂ-ሰብ ዝኽሰት ከምዝሎ ዝእመነሉ ክሊማዊ ለውጢ፡ ኣሉታዊ ጽልዋታቱ ዚዩዳ እናበኣሰ ብምምጻኡ ኣሻቓልን ዓቢ ሃፀን ኰይኑ ኣሎ፡፡ እዚ ኣብ'ዚ እዋን ዚጋጥም ዘሎ ዘይንቡር ዝናብ፡ ዕልቕልቕ፡ ምቅይያር ኩነታት ኣየርን ካልእን ሳዕቤናት ናቱ እዩም፡፡ ዚ ክስተት ንምቅላስ ብደረጃ ዓለም ብዙሓት ፈተነታትን ስምምዓትን'ኳ እንተተገብሩ፡ ከም'ቲ ዝድለ ኣድማዕቲ ክኾኑ ኣይከኣሉን፡፡ ብሓፈሻ፡ ጠንቂ ክሊማዊ ለውጢ ባሀርያዊ ክስተትን ንጥፈታት ደቂ-ሰብን ክኸውን እንከሎ፡ ብፍላይ ድማ እተን ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት ዓለም፡ ምንጪ ኣዝዩም ዝለዓለ መጠን በከልቲ ጋዝ ናብ ጠፈር ከምዝሾና ይሕበር፡፡

ክሊማዊ ለውጢ ንምቅላስ ክወሰዱ ዘለዎም ስጉምታት ኣብ ክልተ ክኽፈሉ ይኽእሉ፡፡ ሓደ፡ ክሊማዊ ለውጢ ንኸይከሰት ወይ ንኸይዓቢ ምቅላስ ወይ ድማ ምፍኳስ ክኸውን እንከሎ፡ ካልኣይ ድማ፡ እቲ ንኸይከሰት ዘሎጋእ ዘሎ ብደሆ ንምስጋር ወይ ንምክልኻል ምስ ክሊማዊ ለውጢ ምውሃዱ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ'ቲ ብደረጃ ዓለም፡ ሃገራት ነዚ ክስተት ንምቅላስ ዝኪይዳኦ ስምምዓትን መደባትን ኣብ'ቲ ስምምዕ ዝፈረመት ሃገር ብዓቕማ እንታይ እጃም ከተበርክት ምዃና መደባት ትሕንጽጽ፡ ትግበረ ናይ'ዚ መደባት ተገምጊሙ ድማ ወጥናት ይሕየሱ፡፡ ኤርትራ ዚ ስምምዕ ዝፈረመትሉ ሃገር ኩይና፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ውን ኑቲ ወጥን ኣብ ምሕዳስ ትርከብ፡፡ ኣብ ሃገርና ሓደ ካብ'ቲ ብክሊማዊ ለውጢ ዝጸሉ፡ ጽላት ሃብቲ ባሕሪ ብምዃኑ፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ምስ መኻርኽቲ ብምዃን ክስላሰሉ ዝግብኦም ንጥፈታት ብምልላይ መደባት ኣብ ምውጻእ ይሳተፍ ኣሎ፡፡

1. ምፍኳስ ክሊማዊ ለውጢ

ክሊማዊ ለውጢ ንምፍኳስ ዝወሰዱ ስጉምትታት ብሓፈሻ ኑየም ብደቂ-ሰብ ብዝበዝሓ ዝፈርዩ ዘለው በከልቲ ጋዝ ምጉዳል ብምዃኑ፡ ንምዕቡላት ሃገራት ዚዩዳ ሓላፍነት ዘለዎም ኣገባብ ኩይኑ፡ ዝኾነት ሃገር እጃማ ከተበርክት ግዴታ ኣለዋ፡፡ እዚ ብኸልተ ኣገባብ ክትግበር ዝኽእል እዩ፡፡ እቲ ቀዳማይ፡ በከልቲ ጋዝ ብዝበዝሓ ከይፈርዩ ምክልኻል ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ኣገባብ ከኣ ኑየም ኣቐዲሞም ዝፈረዩ በከልቲ ጋዝ ምጉዳል እዩ፡፡ እዚ ኣገባብ ብዝተፈላለዩ ስምምዓት ክትግበር ዝፍተን'ኳ እንተኾነ፡ ዓቢ ቁጠባዊ ጽልዋ ከስዕብ ስለ ዝኽእል መብዝሕትኡን ሃገራት ንትግበርኡ ድሉዋት ስለ ዘይኮና፡ ኣብ ባይታ ከይተተግበረ ዝቐጸለ ዘሎ ወጥን ኰይኑ ይቕጽል ኣሎ፡፡ ሓደ ካብ'ቲ ስምምዕ ድማ መቐት ዓለም ካብ'ቲ ቅድሚ ኢንዱስትሪያዊ ዘመን ዝነበረ ዓቐን (ትሕቲ 20ዲ.ሰንቲግሬድ) ንኸይድረት ዝብል እዩ፡፡ ዚ ንምትግባር ኣብ ባሕርን ገምገሙን ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ክትግበሩ ይኽእሉ፡፡

ከም ኣብነት፡ ኣቐዲሞም ንዝፈረዩ ዝተፈላለዩ ጋዛት ብፍላይ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ንምጉዳል ኣትክልቲ ሾራን ካልኦት ጨው ዝጻወሩ ኣግራብን ምትካል፡፡ ንኣብነት፡ ኣብ ኤርትራ ኣብ ደሴታትን ገምገምን ዝተየዱ ዘለዉ ንጥፈታት ምግራብ ሾራን ካልኦት ኣትክልትን፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ህይወታዊ ብዙሕነት ዝጻወትዎ ዓቢ ተራ፡ ብቐጥታ ኣብ ምቅላስ ክሊማዊ ለውጢ ዘለዎም ተራ'ውን ዓቢ ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ፡፡ ብሓፈሻ ባሕሪ ኣብ ምፍኳስ ክሊማዊ ለውጢ ዓቢ ተራ ዝጻወት ኰይኑ፡ ባሕርታትን ውቅያኖሳትን ኣብ ጸቡቕ ቁመና ኣብ ዝሀልወሉ ማለት ዘይተበከሉ ምስ ዝኾኑ፡ 95% ናይ ጸሓይ ጨረ ይስሕቡ፡ 25% ካብ ዝፈርዩ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ካብ ጠፈር ናብ ከርሶም ይስሕቡ፡ 85% ንደቦና ዝኸውን ሃፋ የመንጭዉ፡፡ ስለ'ዚ ባሕርታትን ውቅያኖሳትን ብበሪኦም እዚ ረብሓ ካብ ሃለዎም፡ ተፈጥሮኣዊ ማእርሖ ከይብዙኽ ባሕርታትን ውቅያኖሳትን ግቡእ ኣገልግሎቶም ንኽህቡ ካብ ብከላን ካልእ ኣዕንዉቲ ንጥፈታትን ክድሕኑ ይግባእ፡፡

ብተወሳኺ ምዕቃብ ኣትክልቲ ባሕሪ ማለት ከም ሳዕሪ ባሕሪ ጸህያይ ባሕሪ ዕንባባታት ባሕርን ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝዑበዩ ኣግራብን (ሾራን ካልኦት ጨው ዝጻወሩ ኣግራብን) ኣብ ምክልኻል ክሊማዊ ለውጢ ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎም፡፡ ካልእ ኣብ ባሕሪ ብዘይንቅሳቐሳ መራኽብ ዝወጹ በከልቲ ጋዛት ንምጉዳል ብቐዓት ሞተረ መራኽብን ጆላብን ምምሕያሽ፡ ብተወሳኺ ካብ ባሕሪ ዝምንጨዉ ተተካእቲ ጸዓት ማለት ንፋስ ጸሓይን ምልኣት ባሕርን ካልእን ምጥቃም፡፡

2. ምክልኻል ወይ ምውህሃድ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ

ኣብ ባሕርን ገምገሙን ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ርኡይ ኩይኑሉ ኣብ ዘሎ ግዜ ሃሰያኡ ንኸይብእስ ምክልኻሉ ወይ ምውህሃዱ ግድን ይኸውን፡፡ ገለ ካብቶም መካኣኺሊ ጽልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ባሕርን ገምገሙን እዞም ዝስዕቡ ምጥቃስ ይከኣል፦

2.1. ገምገም ባሕሪ ካብ ብርቱዕ ማዕበል ንምክልኻል ከም ገረብ ሾራ ዝኣመሰሉ ምግራብን ንኸይበርሱ ምክንኻንን፡፡ ሾራ ኣብ ልዕሊ'ቲ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ንምጉዳል ዝጻወቶ ተራ፡ ካብ ብርቱዕ ማዕበልን ናብ ባሕሪ ዝፈሱ ውሓይዝን ዝኽሰት ፍግረ መሬት ይከላኸል፡፡ ሾራ ሓደ ካብቶም ቀንዲ መንበርን መራብሕን እንስሳታት ባሕሪ ብምዃኑ፡ ኑቲ ብክሊማዊ ለውጢ ዝኽሰት ዘሎ ምጉዳል ብዝሒ ህይወታውያን ባሕሪ (ዓሳን ዘይዓጽምት እንስሳታትን) ብዘተዘዋዋሪ መገዲ ሓጋዚ ይኸውን፡፡

2.2. ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝደኸሉ ትሕተ-ቅርጺ ኣቐዲምካ ብመጽናዕቲ ካብ ጽልዋ ባሕሪ ማለት ምውሳኽ ምልኣት ባሕሪ፡ ብርቱዕ ማዕበል ወዘተ ነጻ ምዃኑ ምርግጋጽ ወሲ እዩ፡፡ ኣቐዲሞም ዝተሃንጹ ትካላት ወይ መንበሪ'ውን ቅድሚ ዕንወት ምውራዱ መከላኸሊ ወይ ድማ ምቅያር ቦታ ክግበር ይከኣል፡፡

2.3. ምስ ትሕተ ቅርጻዊ ህንጻታት ዝተኣሳሰሩ ተወሰኽቲ መከላኸሊታት፡ ከም ኣብ ገምገም ባሕሪ መንደቕ ብምህናጽ ማዕበል ምዝላል፡ ህንጻታት ኣብረኽ ምስራሕን ካልእን ክግበር ይከኣል፡፡

2.4. ካብ ግምት ወጻኢ ብንፋስን ማዕበልን ኪጋጥም ንዝኽእል ሓደጋታት ንምክልኻል ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ሜትዮሮሎጂ ምጥቃም፡፡

2.5. ንዘጋንሐን ብሰንኪ ብክሊማዊ ለውጢ ዝጋደድ ዘሎ ሕጽረት ማይ ኣብ ገምገም ባሕርን ደሴታትን ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ብዝበኣ ማይ ምውህሃልን ካብ ማይ ባሕሪ ብምጽራይን ጽሩይ ማይ ክርከብ ይከኣል፡፡

2.6. ኣብ ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳን ካልእ ጸጋታት ባሕርን ንክሊማዊ ለውጢ ከሸትሎ ዝኽእል ጽልዋታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ካብ'ቲ ልሙድ ወጻኢ ጥንቃቐን ምትዕጽጻፍን የድሊ፡፡ ኑቲ ብክሊማዊ ለውጢ ክስዕብ ዝኽእል ምቅይያር ባሕርን ህላወን ዓሳ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ይግባእ፡፡ ብተወሳኺ ዓመት ምሉእ ክትሰርሓሉ እትኽእል ንጥፈታት ብኢጋ ምልላይ፡ ንኣብነት ካብ ምግፋፍ ዓሳ ወጻኢ ካልኦት ተወሰኽቲ ኣማራጺታት ሽቕለት ምንዳይ፡፡

ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ባሕርን ገምገሙን ኣዝዩ ሰፊሕን ዝተሓላለኸን ኾ'ውን መጽናዕቲ ዘድልዮ'ኳ እንተኾነ፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ሓጺር መግለጺ፡ ከም መእተዊን መላለዩን ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ስለዚ እዚ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣሻቓሊ ኩይኑ ዝርከብ ዘሎ ክስተት ክሊማዊ ለውጢ ኢቃለልካ ዝርአ ብዘይምዃኑ፡ ንምቅላሱ ናይ ኩለን ጽላታት ከም'ኡ'ውን ውልቀ-ሰብ ሓላፍነት ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን፡፡ ናይ ክሊማዊ ለውጢ ጽልዋታት ዘገምታውያን ብምዃኖም ብቐሊሉ ክተስተብህለሎምን ክትፈልጦምን ኣይከኣሉን እዮም፡፡ ብሓፈሻ፡ ብደቂ-ሰብ ዝፍጠሩ ዝበዝሑ ጠንቅታት ክሊማዊ ለውጢ ዝኾኑ በከልቲ ጋዛት፡ በተን ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት'ኳ እንተኾነ፡ ጉዳይ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ዝኾና ግን እተን ኸ ጸለውቲ ዘይኮና ሃገራት ወይ ሕብረተሰብ እየም፡፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ዓለም



ገረብ ሾራ ኣብ ገማግም ባሕሪ



ምስፋሕ ሽፈነ ገረብ ሾራ ኣብ ገማግም ባሕሪ



ፍግረ መሬት ዘኸትል ማዕበል

ምሉእ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ'ቲ ብተፈጥሮ ልዑል መቐትን ትሑት መጠን ዝናብ ዝርከብ ከባቢታትን፡ ከም ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ዝኣመሰለ፡ ጽልዋኡ ከቢድ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ዝጠዝሉ ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት ባሕሪ ከምዝሕብርዎ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ ዕንባባታት ባሕሪ ንልዑል መቐት ተጻዋሪ ስለ ዝኾኑ ናብ ካልእ ወሰድካ ክባዝሑ ይኽእል እዩ ደበሃል ነይሩ'ዩ፡፡ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ቀረባ ዓመታት ብዘጋጠመ ምውሳኽ መቐት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ 2023፡ ኣዝዩ ብዙሕ ዕንባባታት ባሕሪ ብምምታ፡ ኣሰካፊ ተርእዮ ኩይኑ ደርኒቡ፡፡ ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ'ውን እንተኾነ ካብኡ ዝፍለ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ብዙሓት ገምገም ደሴታት ኤርትራ ዝርከቡ ዕንባባታት ባሕሪ ኣዝዮም ተሃስዮም ምህላዎም ዝተኻየዱ ኣፈናዊ ዳህሳሳት የረድኡ፡፡

እዚ ክስተት ኣብ ዝተናወሐ ዓመታት ንምህርቲ ዓሳ ኣዝዩ ክጸልዎ ከም ዝኽእል ዘጠራጥር የብሉን፡፡

እዚ ኹሉ ክግለጽ ዝጸንሐ ግቡእ ምድላዋት ተገይሩ፡ ካብ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ንምድሓን ወይ'ውን ንምፍኳሱ፡ ብቐዳምነት ዝመጽእ ኩነታት ባሕርና ብግቡእ ምፍላጥ የድሊ፡፡ ስለ'ዚ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራን ገምገሙን ዓሚቝ መጽናዕቲ ምግባር ኣገዳሲ ክኸውን እዩ፡፡ ካብ መጽናዕታዊ ሓበሬታ ብምብጋስ ድማ ኣድላዪ ዝበሃል ምድላዋትን ኣማራጺታትን ክትግበር ይከኣል፡፡ ኣብ መወዳእታ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ባሕርን ገምገሙን ኣዝዩ ብዙሕ ብምዃኑ፡ ብውልቅን ብትካላትን ኣፍልጦ ንቕሓት፡ ምድላዋት፡ ኣበርክቶን ካልእን ክፃቢ ኣለዎ፡፡ ንዚጋጥም ዘሎ ጽልዋታት ኣብ ክንዲ ብተናጸል ብውህድ ምሕደራ ምቅላስ'ውን የድሊ፡፡

ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

# ኣንክሮ

ማርታ ክብሮም

## እቲ ‘ምትሃታዊ ባምቡላ’

ባምቡላ ሮበርት፡ ባኖ ዝተኸደኑ ኣብ ገጹ በሶላ ዝመሳሰል ዘለዎ፡ ኣዒንቱ ወርሕራሕ ዝበለኣን ጸለምትን እዩን። ኣብ ኢዱ'ውን ዓቢ መልሓስ ዘለዎ ከልቢ ባምቡላ ነርዑ። ኮታስ ሱሓቢ መልክዕ የብሉን። ብዛዕባ ሮበርት ብዙሓት ዘሰማምዕሉ ሓቂ ኣሎ፣ ንሱ ምትሃታዊ ባምቡላ ከም ዝኾነን ሓደጋ ማኪና፡ ምጥፋሽ ስራሕ፡ ንሱብ ሓዳር ምፍታሕን ካልእ ብዙሕ ኣሉታዊ ሳዕቤናትን ከም ዘምጽእ እዩ። ብዙሓት በጻሕቲ ናይ'ዚ ሕጂ ሮበርት ዘለዎ ቤተ-መዘክር'ውን ንሮበርት ርእዮም ናብ ገዛኦም ምስ ተመልሱ ብዙሕ ሕማቕ ፍጻመታት ከም ዘጋጠሞም ይገልጹ።

ኣብ 1994 ባምቡላ ሮበርት ዋንኡ ናይ ሮበርት ኢገን ኦቶ ዝተባህለ ሰብ እዩ ነይሩ። (ዋናን ባምቡላን ሓደ ዓይነት ስም እዩ ነይሩዎም)። ሮበርት ዝ. ባምቡላ ኣብ ዕለተ ልደቱ ኣቦሓጎኡ እዩ ብመልክዕ ህያብ ሂብዎ። ዝምድና ኦቶን ሮበርትን ካብ ግዜ ቁልዕነት እዩ ዝጀመረ።

ብዙሓት ግና ኦቶ ምስ'ዚ ባምቡላ ዘለዎ ዝምድና ናይ ጥዕና ከም ዘይኮነ ይገልጹ ነበሩ። ናብ ኩሉ ዝኸዶ ቦታ ምስኡ ሒዝዎ ይኸይድ ነበረ፡ ብዘይካ'ዚ ከም ሰብ ብምሕሳብ ምስኡ ይዛረብን የዕልልን ነበረ።

ኦቶ፡ ሮበርት ሓደጋታት ከስዕብ ከምዝጀመረ ይገልጽ። እዚ ዛንታ ዋላ'ኳ መሰሓቕ ዛንታ ይምሰል፡ ዓበይቲ ሰባት ክይተረፉ ግና እዚ ባምቡላ ኣብ ከባቢኦም ምስ ዝህሉ ስግንጢራዊ ፍጻመታት ከም ዘጋጠሞም ይገልጹ ነበሩ።

ኣቦቲ ኦቶን ሮበርትን ብሓንሳብ ዝሰፈሩ ዝሰፈሩ ገዛ ንሮበርት ኣብ ላዕለዋይ ደርቢ፡ ናብ ደገ ኣብ ዝጥምት መስኮት እዩ ደው ዘበሉ። ብትሕቲ እቲ ገዛ ዝሓልፉ ተማሃሮ ድማ ናብ ሮበርት ኣብ ዝጥምትሉ ግዜ፡ ሃንደበት ደሰወርን መሊሱ ድማ ከም ዝመጽእን ይዛረቡ ነበሩ። ብዘይካ'ዚ ብዙሕ ናይ ገጽ ምልክታት ከምዝገብረሎም ን ከም ዝኣማሕሉም ን ክዋዱ ስለዝጀመሩ፡ ሮበርት ኦቶ፡ ካብቲ ናብ መስኮት ዝጥምት ደው ኢሉዎ ዝነበረ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ናይቲ ክፍሊ ኣግዓዞ። እንተኾነ ሮበርት በዚ ሓድሽ ቦታኡ ዝተሓጎሰ ኣይመስልን። ዋናኡ ንጸባሒቱ ምስ ተመልሰ፡ ኣቦታ ናብ መስኮት ትጥምት ወንበር ኮፍ ኢሉ ጸኒሑ። ሮበርት ኦቶ ዋላ'ኳ ደጋጊሙ ካብቲ ቦታ እንተኣለዮ ተመሊሱ ግና ኣብኡ ይጸንሖ ነበረ።



ኣብ 1974፡ ድሕሪ ሞት ኦቶ፡ ማይርትል ሮይተር ኑቲ ገዛ ስለዝገዝኡ ሓደሽ ዋና ሮበርት ኮኑ። ንል 10 ዓመት ጓል ሮይተር ድማ ባምቡላ ብምርካብ ኣዝያ ተሓጎሰት። ሓጎሳ ግና ነዊሕ ክቕጽል ኣይከኣለን፡ ምኽንያቱ ሮበርት ክዝሪያ ከምዝጀመረ ክትርዳእ ስለዝጀመረት። ኩሉ ግዜ ሰይቲ ካብ ድቃሳ ተንስአ ትብኪ ነበረት። ሮበርት ኣብ ውሽጢ ገዛ ተንቀሳቒሱ ናብኣ ከም ዝመጽእ ድማ ንስድራኣ ትነግሮም ነበረት። ናብቲ ገዛ ዝመጹ በጻሕቲ'ውን ኣብ ጥቓ ሮበርት ክበጽሑ ከለዉ ድምጺ ርጋጽ እግርን ሱሓቕን ከም ዝሰምዑ ይገልጹ።

ብዘይካ'ዚ ዝኾነ ሰብ ኣብ ቅድሚኡ ብዛዕባ እቲ ኣቐዲሙ ዋናኡ ዝነበረ ኦቶ ሕማቕ ዘረባ ምስ ዝዛረብ ኣብ ገጹ ዝነበረ ስምዒታት ከም ዝቕየር ይዛረቡ። ሮይተር'ውን ሮበርት ኩሉ ግዜ ኣብ'ቲ ዘቐመጦ ከም ዝይጸንሖን ናብ ኩሉ ክፍልታት እቲ ገዛ ብድሕሪኡ ተንቀሳቒሱ ከም ዝጸንሖን እዩ ዝገልጹ። እዛ ስድራ ንሮበርት ን20 ዓመታት ምስኣ ድሕሪ ምቕማጥ ናብ ቤተ መዘክር ኣረከብዎ።

ሮበርት ናብ'ዚ ቤት መዘክር ምስ መጽኡ ዝ. ባምቡላ ክርእዩ ናይ ዝመጽኡ ቀጻሪ በጻሕቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክውሰኽ ጀመረ። ብዙሓት በጻሕቲ ድማ ምስኡ ስእሊ ንኽወስዱ ካሜራኦም ኣዋዲዶም ኣብ ቅድሚኡ ምስ ቀረቡ፡ ካሜራታቶም ምስራሕ ይኣብያን ምስ ወጽኡ ግና ምስራሕ ይጀምራ ነይረን። ብተወሳኺ ኣብ ዝተፈላለያ ቻነላት ናይ ቲቪ ክርአ ጀመረ። ኣብ ዘፍርሑ ፊልምታት'ውን ክዋሳእ ጀመረ። ሮበርት ከም ሓደ ኣዝዩ ዘፍርሕ ክውሰድ ብምጅማሩ፡ ብዙሓት ሰባት ብወለንታኦም ኣብ ጸልማት ምስኡ ተዓጽዮም ገለ ግዜ ክሕልፉ ጀመሩ።

እዚ ምትሃታዊ ባምቡላ መዓልታዊ 2-3 ናይ ይቕሬታ ደብዳቤታት ይቕበል ነበረ። ብዙሓት በጻሕቲ ከም'ቲ ዝዋርዱ ክብሪ ስለዘይሃብዎ ይቕሬታ ይሓትዎ ነበሩ። ብድምር ድማ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ናይ ይቕሬታ ደብዳቤታት ተቐቢሉ። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ሰባት፡ ሮበርት ጸቡቕ ሰብ ከም ዘለዎ ብምእማን ካራሜለ ይሰዱሉ ነበሩ።

ገለ ጸሓፍቲ፡ እዚ ባምቡላ፡ ስምዒታት ናይ ገጹ ክቕያየር፡ ክንቀሳቐስን ፍሉይ ድምጽታት ክዝብርን ዘኽእሎ ፍሉይ ልዕለ-ባህርያዊ ሓይሊ ከም ዘለዎ ይገልጹ። ገለ ሰባት ድማ፡ ሓንቲ ምስ ኣቦሓጎ ኦቶ ትሰርሕ ዝነበረት መንእሰይ፡ ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታቱ ዝነበሮ ሕማቕ ኣተሓሕዛ፡ ሕነኣ ንምፍዳይ ኑቲ ባምቡላ ገለ ሰይጣናዊ ሓይሊ መሊኣን ረጊማን ብመልክዕ ህያብ ከም ዝሃበቶ ይገልጹ።

## ቀቢላ ያኖማሚ

ቀቢላ ያኖማሚ ኣብ ደቡብ ኣመሪካ ዝነብሩ ኮይኖም ብደረጃ ዓለም ክረኣዩ ከለዉ ድማ ካብቶም ዝተሃጽሉን ምስ ኣብ ከባቢኦም ዝነብሩ ህዝቢ ብዙሕ ርክብ ዘይብሎምን እዮም። ኣብ ጫካታትን ጎቦታትን ሰሜናዊ ብራዚልን ደቡባዊ ቬንዙዌላን ይነብሩ።

እዞም ቀቢላ ቅድሚ 15 ሽሕ ዓመታት ካብ ኤስያ ናብ'ዚ ሕጂ ዘለውዎ ቦታ ከም ዝመጽኡ ይእመን። ሎሚ ብዝሒ ህዝቦም ከባቢ 45 ሽሕ ይበጽሕ። ዝቕመጡሉ ቦታ ግና ስፍሓቱ ከባቢ 8.2 ሚልዮን ሄክታር እዩ። እዚ ከኣ ክልተ ዕጽፊ ናይ ሃገረ ስዊዘርላንድ ማለት እዩ።

ቀቢላ ያኖማሚ ንመጀመርታ ግዜ ምስ ካልእ ክፋል ዓለም ርክብ ዝገበሩሉ ኣብ 1940 ኮይኑ፡ መንግስቲ ብራዚል ሓንቲ ጉጅለ ናብኦም ምስ ሰደደ እዩ። ድሕሪ'ዚ ሃይማኖታውያን ጉጅለታት'ውን ናብ'ዚ ቦታኦም መጽኡ። እንተኾነ እዚ ብዝሒ ሰዲት ናብ'ዚ ቦታ ንተላባዕቲ ሕማማት ንፍዮን ኢንፍሉዌንዛን ስለዘቃልዖም ብዙሓት ኣባላት ቀቢላ ያኖማሚ ሞቱ።

ኣብ 1980ታት እውን ከባቢ 40 ሽሕ ብራዚላውያን ወርቂ ንምዕዳን ናብ ያኖማሚ ዝነብሩሉ ቦታ ብሓይልን ብሸፈጥን ብምእታው፡ ብዙሓት ዓድታት ብምዕናው ንብዙሕ ህዝቢ ኣህለቑ። ብዘይካ'ዚ እቶም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘይብሎም ያኖማሚ፡ ብቀለልቲ ሕማማት ረገፉ። ኣብ ሸውዓተ ዓመታት ድማ 20 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቦም በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምኽንያታት ሞቱ።

ኣብ 1992 ግና መንግስቲ ብራዚል ነቲ ኣብ ሕዛእቲ ያኖማሚ ዝነበረ ዘይሕጋዊ መዐደኒ ብምእላይ፡ ሕጋዊ ዶብ ገበረሎም።

ገዛ ያኖማሚ ከቢብን ዓቢን ኮይኑ፡ ያኖስ ወይ ሻቦኖስ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ገለ ካብኡ ክሳብ 400 ህዝቢ ክቕመጥ ይኽእል። እቲ ማእከላይ ክፋል ናይ'ቲ ገዛ ንመንፈሳዊ ጽምብላትን ፌስቲቫላትን ይጥቀምሉ። ነፍሲ-ወከፍ ስድራ ግና ናታ ገዛ ኣለዋ። ኣብ ግዜ ለይቲ ድማ መታን ከሞቕ ዓራቶም ኣብ ጥቓ መጋርያ ሓዊ ገይሮም ይድቅሱ።

ቀቢላ ያኖማሚ ‘ማዕርነት ኣብ ኩሉ ህዝቢ’ ንዝብል ኣምር ኣዝዮም እዮም ዝኣምኑሉን ብጥብቂ ዝሰርሑሉን። ነፍሲ-ወከፍ ርእሱ ዝኸኣለ ኮይኑ፡ ኣልዒሎም ዝርእይዎ ወይ ፍሉይ ክብሪ ዝሃብዎ ሰብ ግና የብሎምን። ኣብ ዝኾነ ውሳኔ ነፍሲ-ወከፍ ሓሳቡ ከፍስስ ምሉእ ማሳል ዘለዎ ኮይኑ ኣብ መወዳእታ ድማ ብድምጺ ምርጫ እዩ ዝውሰን።

ኩሉ ዕዮታት ከም ኩሉ ህዝቢ ኣማዚን ብጾታ እዩ ዝመቓቐል። ደቂ ተባዕትዮ ናብ ሃድን ንበረኻ ይወፍሩ። ዓጋዜን ሀበይን ሓሰማን ይሃድኑ። ኣብ'ዚ ቀቢላ ሃድን ኣዝዩ ክቡር ሞያ እዩ። ስጋ'ውን እቲ ተፈታዊ መግቢ እዩ። እንተኾነ እቲ ሃዲኑ ስጋ ዘምጽአ ኑቲ ዝሃደኖ ክበልዕ ኣይፍቀደሉን እዩ። ስለዚ ንብጾቱን ስድራቤቱን ይህቦም። ኣብ ክንዳኡ ካልእ ሰብ ሃዲኑ ዘምጽኣሉ እዩ ዝበልዕ።

ደቂ ኣንስትዮ ድማ ንጥፈታት ሕርሻ የካይዱ። እዚ 80 ሚእታዊት ናይ መግቦን ይሽፍን። መዓር ናይ በረኻ'ውን እቲ ካልእ ኣዝዩ ተፈታዊ መግቢ እዩ። ከምኡ'ውን ዓሳ ይገፉ። ኣብ ምግፋፍ ዓሳ ደቂ ተባዕትዮን ህጻናትን'ውን ይሳተፉ እዮም። ዝም ዓሳ ብቐለሉ ንምግፋፍ፡ ካብ ኣትክልቲ ገለ ቀመማት ብምድላው ናብቲ ዓሳታት ብዝበዝሐ ዝርከብሉ የእትውዎ'ሞ፡ እቶም ዓሳታት ደንዚዞም ንላዕሊ ይወጽኡ። ብኸምዚ ኣገባብ ድማ ርብሕ ዝበለ ዓሳታት ይገፉ። ብሓፈሻ ቀቢላ ያኖማሚ ኣብ ኣትክልቲ ዕምቈ ዝበለ ፍልጠት ኣለዎም። ከባቢ 500 ኣትክልቲ ድማ ንመግቢ፡ ንመድሃኒትን ንኻልእ ነገራትን ይጥቀምሉ።

መንፈሳዊ ነገር ኣብ ህይወት ያኖማሚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ፍጡር፡ ከውሒ፡ ገረብን እምብን መንፈስ ኣለዎ። ሓደ ሓደ ግዜ እዞም መንፈስ ዘለዎም ነገራት ኣጥቂዖም ሕማም ከምዘምጽኡሎም ይኣምኑ። ሻማንስ ዝተባህለ ካልእ መንፈስ ድማ ነዞም ዘጥቅዕዎም መናፍስቲ ይወግሕጦም።

ቀቢላ ያኖማሚ ኣብ መዓልቲ ካብ ኣርባዕተ ሰዓት ንላዕሊ ኣይሰርሑን እዮም። ስለዚ ኣብ መዓልቲ ንምዝንጋዕን ማሕበራዊ ንጥፈታትን ዝኸውን ብዙሕ ግዜ ኣለዎም። ቀጻሊ ንሓድሕዶም ደበጻጽሑ ከምኡ'ውን ጽምብላት ቀውዕን ጽምብል ሪቱን (ናይ ነፍሲ ወከፍ ዝሞተ ሰብ ናይ ቀብሪ ስነ ስርዓት) የካይዱ።



ኣብ'ዚ ቀቢላ፡ ምዕባይ ቈልዑ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሓላፍነት እዩ። ኣደታት ደቀን ምስ ጎበዛ ካብኦን ብዙሕ ሓገዝ እየን ዝጽበያ። ስለዚ ደቀን ምስ ጎበዛ ድማ ኣብ ኩሉ ዘቤታዊ ዕዮ ገዛ ይሕግዛአን።

ህጻናት ደቂ ተባዕትዮ 8 ዓመት ዕድመኦም ምስ መልኡ ኣብል ሕብረተሰቦም ብምኻን ሓላፍነት ክስከሙ ይጀምሩ።

ደቂ ኣንስትዮ ጽግያት ኣብ ዝጀምረን ግዜ ከም ምሉኣት ክሕሰባ ይጀምራ። ዝበዝሓ ኣባላት እዚ ሕብረተሰብ ኣብ ዕድመ 12-13 ዓመተን ወርሓዊ ጽግያት ይጀምረን። ወርሓዊ ጽግያት ከም ሓደገኛን ኣጺያፊን ስለዝሕሰብ፡ ወርሓዊ ጽግያት ኣብ ዝመጽአን ካብ ገዛአን ርሒቐን ንበይነን ኣብ ሓንቲ ጸባብ ክፍሊ ክዕጸዋ ይግደዳ። ኣብ'ዚ ግዜ ዝኾነ ነገር ብኢደን ክትንከፋ ስለዘይፍቀደን ብሽንጨይቲ እየን ዝምገባ። ከምኡ'ውን ብዘይካ ምስ ቀረባ መሓዙተን ወይ ኣደአን ምስ ካልእ ሰብ ብፍላይ ድማ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ክዛረባ ኣይፍቀደንን እዩ። መዓልታት ናይ ጽግያት ምስ ወድአ ግና ከም ምሉኣት ደቂ ኣንስትዮ ተሓሲበን ክምርዓዋ ይኽእላ።



## ካብ ኣደነቕቲ ልምድታት ዓለም

- ኣብ ሜክሲኮ ዕለተ ልደትካ ክተብዕል የብልካን። መዘመር ዕለተ ልደትካ ምስ ዘመርካ፡ ክሳብ ሽምጣኻ ተጥፍእ ጥራይ እዮም ዝጸበዩኻ። ቀጺሎም ገጽካ ናብቲ ዝተቐረበ ኬክ ይደፍኡኻ።
- ኣብ ቦሊቭያ ኣብ ጽምብል ሓድሽ ዓመት፡ ጸቡቕ ትምኒቶም ንምግላጽ ሓጺን ሰልዲ ኣብ ኬክ ይገብሩ። ኣብ ስጳኛ'ውን ኣብ ግዜ ሓድሽ ዓመት ንህጻናት ንምሕጓስ ኣብ ጫማ ሽኮራዊ ነገራት ይገድፉ። እዚ መደብ ኣብ 5 ጥሪ ምሸት እዩ ዝካየድ።
- ኣብ ባርሳና ዝተባህለት ከተማ ህንዲ፡ ደቂ ኣንስትዮ ንሰብኡተን ብበትሪ ዝሃርሙሉ መዓልቲ ኣሎ። እቶም ሰብኡት ድማ ኣንስቶም ክሃርምኦም ከለዋ ንብሶም ክከላኸሉ ይጽዕሩ።
- ኣብ ጀርመን ናብ ሓደ እኩብ ሰብ ዘለዎ ቦታ እንተ ተዓዲምካ ንኹሉ ኣብኡ ዘሎ ሰብ ሰላም ክትብሎ ኣሎካ። ዋላ ኑቶም ኣብኡ ዘለዉ ህጻናት ሰላም ክትብሎም ኣሎካ። ኣብ ኣርጀንቲና ንእትፈልጦ ሰብ ኣብ ምዕንጉርቱ ስዒምካ ሰላም ክትብሎ ልሙድ እዩ።
- ኣብ ፊንላንድ ውድድር ሰበይትኻ ተሰኪምካ ምጒያይ ኣሎ። ብዙሓት መጻምድቲ ድማ ኣብ'ዚ ስፖርት ንምስታፍ ካብ ብዙሓት ሃገራት ይውሕዙ። ካብ 2005 ኣትሒዙ ድማ ኣብ ከም ኣውስትራልያ፡ ኣመሪካ፡ ዓዲ እንግሊዝን ኤስያን ተጀሚሩ ይቕጽል ኣሎ።
- ኣብ ዓዲ ጥልያን ኣብ ማእከላይ ዘመን፡ ሃገራዊት ባንዴራ መሬት ክትትንክፍ ፍቑድ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ከም ምልክት ንጽህና ትሕሰብ ስለዝነበረት። ሕጂ ኣብዛ ሃገር ፍሉይ ክእለትካ ተንጸባርቐሉ ውድድር ይካየድ እዩ። እዚ ውድድር ባንዴራ ንላዕሊ ምስንዳውን መሬት ከይዓለበት ምቕላብን እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወዘን ገብረእንድርያስ ወልደገብረኤል፡ ብዓል ቤተይ ነፍ/ገብረዝጊ ገብረእንድርያስ ተሰፋገርግሽ ስለዝዓረፈ፡ ጉዳይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 06/12/24 ኣብ 1ይ ደረጃ ቤ/ፍርዲ ኣስመራ ህንጻ ቤ/ፍ/ዞ/ማእከል ቁ.47 1ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣመልካቲ ኪዳ ሰረቐ ተኽለሃይማኖት፡ ተጸዋዕቲ ወረስቲ ነፍ/ሄት ቅዱሳን ዑቕባዝጊሄል 1. ወ/ሮ ጸገ ሰረቐ 2. ወ/ሮ ጉት ሰረቐ 3. ወረ/ዝር ክፍሎም ሰረቐ (5 ተተካእቲ ደቆም) 4. ወረ/ዝሪት በየን ሰረቐ (10 ተተካእቲ ደቃ) ካብ ፍርቒ ብጽሒት ገዛ ነፍ/ሄት ቅዱሳን ዑቕባዝጊሄል እቲ 100 ሜትር ኳድሮ፡ 1 ሽቓቕ፡ 1ክሽነ፡ 2 ክፍሊ መደቀሲ፡ 1 ሳሎን ዘጠቓልል ካብ ስም ወላዲተይ ናብ ስመይ ይመሓለለፈለይ ስለ ዝበለ፡ ተጸዋዕቲ ኣብ ቁ.47 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕ29/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጡ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 179-1 ዚፕ 1A179 ቁ.ገዛ 6 ፕሎት 7A ፓርሰል 3Z ስፍሓት መሬት 155.47 ት/ሜ ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ንጓለይ ሩት ሓጎስ መርሃዊዝጊ ብህያብ ስለዝሃብክዎ'ሞ ስም ምትሕልላፍ ክገብር ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ቤ/ፍ መእገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮ ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኳኑይ እሕብር።

ወ/ሮ ጉዕይ ወልደሃይማኖት ወልደጊዮርጊስ
ወኪል ወ/ሮ ጸገወይኒ በርህ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/08 ጎደና ገደም ቁ.ገዛ 59 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ወረቐት 123468 መወከሲ ቁጽሪ 136714/136715 ብስም ወረስቲ ነፍ/ተወልደ ወልደሳሙኤልን ነፍ/ቦፍታ መንግስቱን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ክፋሉ ማለት፡ እቲ ብጽሒት ወረ/ነፍ/ሪት ቦፍታ መንግስቱ ዝኾነ ኣብ 189.89 ት/ሜ ዝተደኮነ ክልተ ገዛ ካብ ወረስታ ስለዝዓደግኩዎ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝፈቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኳኑይ እሕብር።

ዛይድ ገብረትንሳኤ ገብረእንድርያስ
ብወኪል ኣቶ ክብሮም ኣብርሃም ተስፋጽዮን

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ቁ/ፍ/ዋኒን DML 00007401 ናይ ታክሲ ታርጋ ER-3A-3581 ትካለይ ንኣቶ ጎይትኦም ሰዩም ጺድቕ፡ ኣድራሻ ምምሕዳር ከባቢ ተራእምኒ ን/ዞባ ደባርዋ ብ80,000,00 ናቕፋ ብዕለት 04/02/2022 ስለ ዝሸጥኩሉ፡ ብስም ሽያጢት ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግበኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ኣሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 30 መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ካሕሳ ሓጎስ

---

AllianceFrançaise
Asmara - Eritrea

ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ሰሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 16 መስከረም ክጅምር ምኳኑ ከበስር ይፈቱ። ምቕርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ። ብደሓን ምጹ ንዘያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓርባና ሬስቶራንት እዩ።

---

## STATE OF ERITREA
## MINISTRY OF AGRICULTURE
## INVITATION FOR BIDS (IFB)

1. The State of Eritrea, Ministry of Agriculture, and National Project Coordination Office (NPCO) has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) and intends to apply a part of the proceeds of the financing to this purchase. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Integrated Agricultural Development Project (IADP)

2. The Integrated Agricultural Development Project (IADP) includes three components and has six years' lifetime starting June 2022. The overall goal of the project is to contribute to poverty reduction and food and nutrition security of rural households. The project Development objective is to enhance small holder agricultural production and productivity in sustainable way and improves rural livelihoods.

3. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website on 31 January, 2024, the United Nations Development Business (UNDB) website on 31 January, 2024 and a national newspaper Haddas Eritrea/ Eritrean profile on 2 March, 2024,

4. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities (bidders) for the Procurement of instruments for compost production assorted in 5 lots at CIF Massawa Sea port for foreign bidders or MOA Ex-warehouse for local bidders with 120 days delivery period from contract signature. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in this bidding document.

5. The goods and related services, and the contract expected to be awarded, are divided into the following lots: Lot 1- Procurement of Compost instruments, Lot 2- Procurement of solar panel for light trap, Lot 3- Procurement of GPS, Lot 4-Procurement of Hand lens and Lot 5- Procurement of Ribbon printer (MT-60C).

6. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services.

7. Bidding will be conducted using the national competitive bidding (NCB) method, the evaluation procedure for which is described in this bidding document, in accordance with the IFAD Procurement Handbook which is provided at www.ifad.org/project-procurement. The NCB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award.

8. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet (BDS), Section III of the bidding document.

9. Bidders interested in submitting a bid shall get the bidding document for free against application letter. Bidding documents can be obtained by sending an e-mail or letter, giving full contact details of the bidder, to the following point of contact. This will ensure that the bidders receive updates regarding this bidding document.

To: Ministry of Agriculture,
Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidia Russom (Procurement officer)
Sawa Street, Asmara, Eritrea

Email: Lidyarusomlidu1221@gmail.com
Tel Number: 00291181076/00291189266
P.O.Box: 1048

10. Bids must be delivered to the address and in the manner specified in the bid data sheet –instructions to bidders 23.2, no later than 9:30 am local Asmara, Eritrea time, 22 October, 2024.

11. Bidders shall be aware that late bids will not be accepted under any circumstance and will be returned unopened at the written request and cost of the bidder. All bids must be accompanied by bid-securing declaration.

12. Please note that electronic bids shall not be accepted.


# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ሃገረ ኤርትራ
## ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ጋብላዊ ቆፎ

## ምንጪ ዘላቒ ቀረብ መዓር




ጋብላዊ ቆፎ፡

- ኣብ ሓጺር እዋን ንኹሉ ህዝቢ ከዕግብ ዝኽእል መዓር ኣብ ምፍራይ ወሳኒ ተራ ዝጻወት ዓይነት ቆፎ'ዩ

- ኣብ ከባቢና ካብ ዝርከቡ ጥረ ነገራት ከም ዒባ፡ ምሩጽ ሓመድ፡ ሻምብቆ፡ ላኻ፡ ወዘተ ብቐሊሉ ይስራሕ

- ካብ ባህርያዊ ነገራት ዝተሰርሐ ብምዃኑ፡ ብኣናህብ ኣዝዩ ፍቱው ዓይነት ቆፎ እዩ

- ኣብ ንጥፈታት ምርባሕ ንህቢ ክሳተፉ ንዝደሊ ዝኾነ ሰብ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ዝደለዮ ብዝሒ ቆፎ ሰሪሑ፡ ዕስለ ከራብሕን ቀጻልነቱ ከውሕስን የኽእል

- ርቡሕ ምህርቲ መዓር ከተፍሪ የኽእል፡

ስለዚ፡ ኵሉ ኣብ ምርባሕ ንህቢ ክነጥፍ ዝደሊ ሰብ፡ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ብምኻድ፡ ሓበሬታ ኣገባብ ኣሰራርሓ ናይዚ ቖፎ ክወስድ ይከኣል።

**ጋብላዊ ቆፎ ብምስራሕ፡ ኣብ ሓጺር እዋን፡ ምህርቲ መዓር ነውሕስ!**

**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ኣሚን ተስፋይ

## ተጻዋታይ፡ ዳኛ፡ ኣሰልጣኒ፡ ኣትለት - ኣብርሃለይ ኣበራ

ቀዳምን ሰንበትን ኣብ ሜዳ ሰምበል ብዙሓት ህጻናትን ኮተቴን ኩዕሶ እግሪ ክሰልጥኑ ይረኣዩ። ኣብ ማእከል እቶም ብብዕድመኦም ዝጻወቱ ቈልዑ፡ ኣሰልጠንቲ ትረኽቡ። ኣብርሃለይ ኣበራ ድማ ኑቶም ዘሰልጥኑ እናኣወሃሃደን ባዕሉ እውን ክሰልጥንን ይጸንሑኻ።




ማሕበራዊ ህይወት መናብርትና ምኻኑ ኩሉትና እንፈልጦ እዩ። ኣብርሃለይ ብኸመይ የካውና ግን ናብቲ ሜዳ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ ካብ ዘተሓሳስበ እዩ።


ኣብርሃለይ ኣብ 1998 ምስ ጋንታ ቀሓይቶ ተጻዋታይ ኣብ ዝነበረሉ

ምኽንያቱ፡ ኣብርሃለይ ወትሩ ቀዳመ-ሰንበት ኣብቲ ሜዳ ኣሎ። ብሓጺሩ ኣብ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ ሰምበል፡ ኣብርሃለይ ዘይብሉ ቀዳመ-ሰንበት ኣይረኣኹን።

ኣብ 1980፡ ኣብ ካምቦ ፖሊስ ሰምበል እዩ ተወሊዱ። ወላዲኡ ብንእሱ ብሞት ስለዝተፈልዮ፡ ምስ ኣደኡን ዓብይቲ ኣሕዋቱን'ዩ ዓብዩ። ኣብርሃለይ፡ ክውለድ እንከሎ ኣብ ጺጋመይቲ ኢዱ ሰንክልና ነይሩዎ። ብወላዲቱን ከባቢኡን ጽቡቕ ኣተሓሕዛ ክንክንን ስለዝነበሮ ድማ ንኣብሱ ከም ሰንኩል ኣይጥምታን እዩ።

ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ሰምበል እናተማህረ ከሎ፡ ኩዕሶ እግሪ ክጻወት ጀሚሩ። ብጸወታኡ ዝተማሰጡ መማህራኑ ንቤት ትምህርቶም ወኪሉ ንኽጻወት ብቑጻሊ ይመርጽዎ ነበሩ። ካብ መባእታ ናብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብ ዝሰገረሉ፡ ምስ ዕድመኡን ኣካላቱን ብቐዓት ኣጸዋውታኡ'ውን በሪኹ ነይሩ። ካብዚ ተበጊሶም'ዮም ድማ ኮሚቴ ምምሕዳር ሰምበል ንንኡስ ዞባኡ ወኪሉ ክጻወት ዝሓረይዎ። ንኹለን ዝተማህረለን ኣብያተ - ትምህርቲን ምምሕዳሩን ድማ ብዙሕ ዓወታት ኣግዚሙ። ገዚኡ ርእሱ'ውን "ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሹቶን ብሉጽ ተጻዋታይን" ተባሂሉ ብተደጋጋሚ ከም ዝተሸለመ ኣብ መንደቕ ቤቱ ተንጠልጢሎም ዘለዉ መዳልያታት ምስክር እዮም።

ኣብ 1995፡ ምስ ብጾቱ ንዞባ ማእከል ወኪሉ ኣብ ከረን እብ ዝተገብረ ጸወታ ተሳቲፉ። ድሕሪ ዓመት ድማ ብዝተመሳሰለ ናብ መንደፈራ ዞባ ደቡብ ከይዱ ተጻዊቱ። ኣብ'ዚ እዋን ንፉዕ ጎያዪ ናይ ሓጺር ርሕቀት ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ናይ 100ን 200ን ሜትሮ ጉያ እውን ይወዳደር ነይሩ።

ኣብ 1996፡ ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ጋንታ ቀሓይቶ ዝተባህለት ተማሲራታ። ኣቦ መንበር ናይ'ታ ጋንታ ገዲም ስፖርተኛ ኣፍሮዝር ጆቫኒ ማሮላ እዩ። ኣሰልጣኒኣ ድማ ኣቶ ተኪኣ ኣብርሃ ነይሩ። ኣብርሃለይ ድማ ንመጀመርታ ግዜኡ ምስ'ታ ጋንታ ተጸንቢሩ። ብምኽር ኣሰልጣኒ እናተዓለመ ኣርባዕተ ዓመታት ተጻዊቱ።

ጋንታ ቀሓይቶ፡ ናብ ካልኣይ ዲቪዥን ክትሰግር ግዜ ኣይወሰደላን። ካብ ካልኣይ ናብ ቀዳማይ ግን ኣይሰለጣን። እታ ማንታኣ ኩይና ብሓደ ምሕደራ እትጻወት ዝነበረት ጋንታ ተሰፋ ብኣንጻሩ ካብ ካልኣይ ናብ ቀዳማይ ዲቪዥን ሰጊራ። ዓለምቲ ጋንታ ተሰፋ ድማ ንፉዓት ዝበልዎም ተጻወትቲ ካብ ጋንታ ቀሓይቶ ወሲዶም። ኣብርሃለይ ሓደ ካብቶም ዝተሰገሩ ኣርባዕተ ተጻወትቲ ነበረ።

እቲ ዝበሃለ ዝነበረ ስታድዮም ኣስመራ ክጻወተሉ ጀሚሩ። ንብርክት ዝበሉ ዓመታት ከኣ ምስ'ታ ጋንታ ተጻዊቱ። ኣብ'ቲ እዋን ጽቡቕ ዝና ዝነበራ ዓባይ ጋንታ ኣስመራ በራ ንኣብርሃለይ ምስኣ ጸንቢራቶ። ሓደ ዓመት ድማ ተጻዊቱ። ኣብ'ዚ እዋን ኣብርሃለይ ብኢዱን እግሩን ከም ዝጻወት ይውረያሉ ከም ዝነበረ ዘኪሩ፡ ኑቲ ኣብኡ ዳገፍቲ ከብርሃለይ ተወኪሰዮ። ኣብርሃለይ፡ ቅድሚ መልሲ ምሃቡ ሰሓቘ'ሞ፡ "ብፍላይ ብምግናጸን ካልእን ዝሸገሩኒ ተጻወትቲ ናይ መስመር ዳኛን ማእከላይ ዳኛን ከይርኣዩኒ በዛ ቁራጽ ኢደይ ገይረ ይሃርሞም። በዚኣ ዝረምኩዎ ተጻዋታይ ጸወታ ኣይቅጽልን'ዩ። ካብ ሜዳ ይወጽእ። ኣነ ድማ ጸወታይ እቕጽል። እዚ ተግባር ግን ታሪኽ ስለ ዝኾነ'የ ዝገልጾ ዘለኹ'ምበር ቅኑዕ ኣይኮነን። ብፍላይ ተጻወትቲ ከም'ኡ ከይትገብሩ" ብምባል ሰሓቑ ቀጺሉ።

ኣብርሃለይ፡ ካብ ኣስመራ በራ፡ ናብ ከረን'ዩ ከይዱ። ምስ ጋንታ ሳሳ ድማ ሰለስተ ዓመታት ተጻዊቱ። ሓደ ዓመት ናይ "ብሉጽ ተጻዋታይ" ሽልማት ወሲዱ። ኣብ ከረን ዘሕለፎ ናይ ስፖርት ግዜኡ ኣዝዩ ዝምስገን ከም ዝነበረ፡ ስምዒታት ስፖርት ህዝቢ ከረን ንኽሕይል ድርኺ ይኾኖ ከም ዝነበረን ብናፍቖት ከም ዝዝክሮን ገሊጹ።

14 ዓመታት ድሕሪ ምጽዋት፡ ኣብ 2008 ጫማኡ ከም ዝሰቐለ ሓቢሩ። እንተኾነ ግን ጎደኒ - ጎደኒ ምጽዋት ኣብ ከባቢኡ ህጻናት የሰልጥን ስለ ዝነበረ፡ ኑቲ ስልጠና ብዙሓየለ ምሉእ ግዜኡ ወፋዩ ቀጺሉዎ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ናይ ክረምታዊ ጸወታ ከም ዳኛን ኮሚሽነርን ኮይኑ ይሰርሕ ነይሩ።

ኣብ 2012፡ ዞባ ማእከል ናይ "ግራስ ሩት" መደብ ምስ ኣበገሰ ኣብርሃለይ ኑቶም ኣብ ሰምበል ዝሰልጥኑ ህጻናት ንኽከታተል ተመዲቡ። ምስ ራብዓይ ርእሱ ኮይኑ ድማ ንልዕሊ 10 ዓመታት ኣብ ምስልጣን ደርኩቡ። ብዘይካ'ዚ ካብ ህጻናት ኣትሒዙ ንደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምስልጣን ክዘጥፍ ጸኒሑን ኣሎ። ዝበን ሎሚ ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ዝጻወታ ዘለዋ ካብ ደቂ ሸሞንተ ዓመት ኣትሒዙ'ዩ ዓሊሙወን። ብዙሓት ናብ ካልኦት ጋንታታት ሰጊረን እየን። ሓንቲ ካብኣተን ወትሩ ዝዝክራ ሪም ገዚኢ ዝተባህለት'ያ። ንሳ ካብ ክለብ ጣእክ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ ጠሉብ ምስ መጽኣ ጋንታኣ ደንደን ምስ ሃገራዊ ፈደረሽን ተረዳዲኣም ከም ዘሰጋገሩዋ ሓቢሩ። ብቕዓት ሪም ንክሽጣላ ግዲ ጋንታ ደንደን ልዑል ከም ዝነበረ'ውን ገሊጹ።

ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ተመዲባ ትጻወት ዝላ ጋንታ ሰምበል'ውን ኣሰልጣኒኣ ባዕሉ ኣብርሃለይ ከም ዝኾነ ገሊጹ። ንዝሆን ምሸትን ብዘወፋይኑት ስለ ዝሰርሐ ድማ


ኣብርሃለይ ምስ ተጻዋቲት ኲ.እግሪ ኣድያም ኣተውብርሃን

ንኹሉ የርክበሉ ኣሎ።

ኣብርሃለይ፡ ንምምዕባል ዓቕሙ ዝሕግዞም ብርክት ዝበሉ ስልጠናታት ከምዝወሰደ እውን ገሊጹ። ገለ ካብኡ፡ ብኩዕሶ እግሪ ደረጃ 'ሲ'፡ ዳንኑት ኩዕሶ እግሪ ካብ ፊፋ ብዝመጽኡት ፍሉይ ስልጠና ንደቂ ኣንስትዮ፡ ስርዓት - ኣመጋግባን ካልእን ከም ዝወሰደ ሓቢሩ።

ዝዘኸርዎም ወይ ዘድንቕዎም ኣሰልጠንቲ ክገልጸለይ እውን ተወኪሰዮ ነይረ። ንተኪኤ ኣብርሃ ብፍሉይ ኣማስቢኑም ንኢዱዎም። እዞም ዘለዉ ኣሰልጠንቲ ካብ ኑብሱ ጀሚሩ ንብዓል ተኪኤን ማሰልጥየምን ክትክእዎም ክጽዕሩ ከም ዝግባእ ድማ ኣዘኻኺሩ።

ቅዱ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣብ ጸግሒ - ጸግሒ ይቀያየር ስለዘሎ፡ ዚ ብኸመይ ከምዝርእዩዎ ኣብ ዝተወከስኩሉ፡ "እናጥቃዕካ ምክልኻል'የ ዝኽተል። እዚ ድማ ቀጺሊ ካብ ዝተዓዘብኩዮ ጸወታታት ዘዋጽኣካ ምውሳድ ሸገር ዘለዎ ኣይኮነን። ቅቡላት ዝበልናዮም ጸወታታት ከተግብርዎ ንጽዕር ኢና" ብምባል መለሰ።

ኣብርሃለይ፡ ብዙሓት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ተጻወትቲ ኣሰልጢኑ ኣሎ። ካብኣቶም ብፍሉይ ንዝዘከሮ ክጠቕሰለይ ምስ ተወከስክዎ ድማ፥

"ብዙሓት ተጻወትቲ'የ ኣፍርየ። ኩላቶም ብሉጻት'ዮም ንዓይ። ዓብዪ ኢብራሂምን ሪም ገዚኡን ገለ ካብኣቶም እዮም። ኩሎም ኹናቶም መሰፈሪ ኣለዎም። ቡብዝጻወቱሉ የድምዑ'ዮም። ብቕዓትን ስዉምግባርን ናይ'ዞም ክልተ ተጻወትቲ ግን ካብ ኣእምሮይ ኣይፍለይን እዩ።

ኣብርሃለይ፡ ኑቶም ዘሰልጥኖም ተጻወትቲ፡ ኣብ ትምህርቶም ክገደሱ ብቑጻሊ'ዩ ንሕስ ዝኑብረሎም። ክሳብ ናብ ወለዶምን ቤት ትምህርቶምን እናኸደ ይከታተሎም። ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ንምቕጻል ሳዋ ምስ ወረዱ'ውን ከይዱ ይበጽሖም ከም ዝነበረ ኣብነታት ብምጥቃስ ገሊጹልና። ካብ'ቶም ዝዓለሞም ሒደት ዘይኮኑ፡ ኣጣቢ ከም ዘምጽኡ እውን ከይጠቐሰ ኣይሓለፈን።




ኣብርሃለይ፡ ብዘይካ ብኩዕሶ እግሪ፡ ኣብ ብሸክለታ'ውን ሰሪሑ እዩ። ኣብ ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ጸሓፊ ናይ'ቲ ፈደረሽን ኮይኑ ካብ 2017 ክሳብ መፋርቕ 2024 ነጢፉ። ኣብ ሃገራዊ ማሕበር ምዕባለኣዊ ሰንክልና ኤርትራ ኣባል ፈጻሚት ቦርድ ኮይኑ፡ ኣብ ምክትታል ዞባታትን ውዳበን ብሓላፍነት ደሰርሕ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ካብ 2014፡ ንዞባ ማእከል ወኪሉ ኣብ ምስልጣን ያታዊ ስፖርት ከም ዝሰርሐን ብዙሕ ዓወታት ከም ዝሓፈሰን ገሊጹ።

ኣብርሃለይ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ክልተ ወሉዳትን እዩ። ብዓልቲ ቤቱ ሼንኣስ - ተጻዋቲት ኩዕሶ እግሪ ስለ ዝነበረት፡ ዝጠዘለ ዕላሎም ብዛዕባ ስፖርት ወይ ኩዕሶ ከም ዝኾነ ገሊጹ። ብኽልተኡ ጸታታት ህጻናት ኣብ ምስልጣን ደርኩቡ። ሕልሙ ንካልኣይ ዲቪዥን ሰምበል ናብ ቀዳማይ ዲቪዥን ምስጋር'ዩ። ዚ ክዩተግበረ ከምዝኽእል ድማ ይሕብር። ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ንኽበጽሕ ምምሕዳር ሰምበል፡ ህዝቢ ሰምበል ብፍላይ ድማ ወለዲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ከም'ኡ'ውን ፈደረሽናት ባይታ ስለ ዘፈጠሩሉን ስለ ዝተሓባበርዎን ኣመስጊኑ።


ኣብርሃለይ ምስ ጋንታ ሰምበል

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደቀምሓረ፡ ቅድድም ብሽክለታ ፈሊሙ



ኣብ ከተማ ደቀምሓረ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ዝተፈላለዩ ዲቪዥናት ዝተሳተፍዎ ፈላሚ ናይ ነጥቢ ውድድር ተኻዪዱ።

ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብቑጽሪን ዓይነትን ተጻወትቲ ዝበርኽ ዘሎ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክሊታ ከተማ ደቀምሓረ፡ ሎሚ ዓመት ድሕሪ ነዊሕ እዋን ናይ እንዳ ኮርሶ ተቐዳደምቲ ኣኣንጊዱ። ህጻናት'ውን ኣብ ኤይ (A)ን ቢ (B)ን ተኸፋፊሎም ተጻዊቶም።

20 ተቐዳደምቲ ሳልሳይ ዲቪዥን፡ 21 ኪሎሜተር እየም ሸፊኖም። ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ መግዛ ብቐዓት ጸቡቕ ጸወታ ዘርኣየ ማልያ ክሉብ ቢንያም ግርማይ ለቢሱ ዝተጻወተ መንክም ኣሮን፡ ካብ ፈለማ ሃዲሙ ቀዳማይ ተዓዊቱ። ናቢል ተኽልዝጊን ሰድ ምሕረትኣብን ድሕሪኡ ኣትዮም።

ተቐዳደምቲ ካልኣይ ዲቪዥን፡ 30 ኪሎሜተር ሸፊኖም። ካብዞም 25 ተቐዳደምቲ ኣብ መንጎ ጸወታ ኣብ ዝበረት ቅጽበታዊ ውድድር ናህም ጉብረትንሳኤ፡ ሰድ ንጉሰን ኤሮም ፍጹምን ክሳብ ሳልሳይ ክኣትዉ እንከለዉ፡ ኣብ መወዳእታ ግና፡ ናህም ጉብረትንሳኤ ንኹሎም ብዙርያ ገሊፉ ተዓዊቱ።

48 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈነ ቀዳማይ ዲቪዥን ነታ ኣብ መንጎ ውድድር ዝበረት ቅጽበታዊ ውድድር ዩኤል ተከሉ፡ ኩረዲን ናስርን የናታን ሚካኤልን ኣኸቲሉ ክዕወተላ እንከሎ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ሰሌማን ዓብዱ ንኹሎም መወዳድርቱ ብዙርያ ገሊፉ ተዓዊቱ።

ኣብዩም 53 ኪሎሜተር ዝሸፈኑ 26 ተቐዳደምቲ ናይ እንዳ ኮርሱ ኣብ መንጎ ጸወታ ንዝተገብረ ቅጽበታዊ ውድድር - ኣሰናይ ጠዓመ ንዮናስ ተኽለሃይማኖትን ሳይሞን ሚካኤለን ኣኸቲሉ ተዓዊቱሉ። ኣብ መዛዘሚ ከኣ የናስ ተኽለሃይማኖት ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ ኤልያስ እንድርያስ፡ ናትናኤል ተኾሙ ሰም ተሰፉኣሎም፡ ኣቢል ፍትዊን መሓርነቢ ሕሳቡን ክሳብ ሻዱሻይ ደረጃ ሒዞም።

ብዘይካዚ፡ ሸውዓተ ተቐዳደምቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዘካየድኦ ውድድር፡ ተቐዳዳሚት ሰልቫና ልኡል ንኹለን ብዙርያ ገሊፋ ተዓዊታ። እዘን ተቐዳደምቲ 22 ኪሎሜተር እየን ሸፊነን።

ሽዱሽተ ኪሎሜተር ኣብ ዝዘወሩ ህጻናት ከኣ፡ ኣብ ምድብ 'ኤይ' ሄኖስ ሓለፎም፡ መንክም ረዘነ የሲያስ ኪዳን፡ ኣብ ምድብ 'ቢ' ሄኖስ ዘርኡ፡ ዘመን ፍሰሃየን ሚካኤል ኣብርሃምን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኣትዮም።

ኣብዚ ተቐዳደምቲ ንቢንያም ዝገልጹ ነገራትን ማልያ ክሉብን ለቢሶም ዝተራእዩሉ ውድድር፡ ብዙርያ ምግላፍ ብዝበዝሐ እዩ ተራእዩ። እቲ ጸገም ኣብ ኣውዳድባ ከይከውን ኣብ ዝሓተትናሉ ከኣ፡ ፈደረሽን ቅድድም ብሽክሊታ ዘድሊ ጥንቃቐታት ከምዝገበረ - ማለት ኣብ ዕድመን ዕጥቒን ተመሳሳሊ ኮይኑ ክቓርብ ከም ዝገበረ፡ እቲ ምኽንያት ውልቀ ተቐዳደምቲ ዝገበርዎ ልምምድን ስነ ኣእምሮኣዊ ቅሩብነትን ምዃኑ ተሓቢሩና። እዚ ውድድር፡ ሰንበት 22 መስከረም'ውን ኣብ ጽርግያ ከተማ ደቀምሓረ ክቕጽል ምዃኑ፡ ካብቲ ቦታ ዝጸሓፍና ዜና ኣረዲኡ።

## ሂምቦል፡ ብሉጽ ጸወታ ኣንጸባሪቓ

### ሓሊበት፡ ብኩዕሶ መርበብ ደሚቓ

ውሽጣዊ ውድድራት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ዝሓለፈ ሰሉይ ብኩዕሶ እግርን መርበብን ቀጺሉ።

ኣብ ቦውሊን መዓስከር ደንደን ኣብ ዝተኻየደ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓሊበት ንዲታሮ 2ብ1 ክትስዕራ እንከላ፡ ኣቡሓዪ ንሂምቦል 2ብ0 ኣሰኒፋታ። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ሓሊበት ብዮብለል ጸወታ ንዲታሮ 3ብ0 ሰዒራታ።

ስሙያት ተጻወትቲ ዘለወን ጋንታታት ሂምቦልን ኣቡሓዪን ዘየዳኣ ልዕሊ ክልተ ሰዓት ዝወሰደ ስሕቢ ግጥም ከኣ፡ ብዓወት ሂምቦል ተዛዚሙ። ኣቡሓዪ ዋላ'ኳ ኣብ ክልተ ሴት ብሚሮን ሓለፎም እናተቐለሰት 2ብ0 ክትመርሖ ክኢላ እንተነበረት፡ ብኣሰልጣኒ ሳሙኤል ሓደሽ እትሰልጥን ንምኩራት ተጻወትቲ ዓንበርበብ ሸደን ተሰፋይን ተሰፉ ኪዳን ዝሓቘፈት ሂምቦል ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ኣከታቲላ ኣብ ሰለስተ ሴት ብምዕዋት ኢያ ብድምር ወጽኢት 3ብ2 ሰዒራ።

እዚ ውድድር፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ሜዳ ካምፖ ቺቾሮ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣሰሰሉ። ብኽልተ ዓወት ሓንሳብ ከኣ ማዕረ ብድምር ሸውዓተ ነጥቢ ሒዛ ዘላ ዲታሮ፡ ምስታ ክልተ ዓወት ሓንሳብ ስዕረት ዘመዝገበት ሓሊበት ተጻዊታ። ሓሊበት ኣብ ራብዐይቲ ደቒቕ ብመገዲ ሰላማዊት ተከኤ ሹቶ ብምቑጻር መሪሕነት ሒዛ። ድሕሪ ኣርባዕተ ደቓይቕ ግና፡ ዲታሮ ካብ ናእሚ ምስዮናኽ እተመዓራርያ ሹቶ ኣመዝጊባ። ኣብ ዝተረፈ ዝወሓለ ደቓይቕ ዝተመዝገበ ሹቶ ብዘይምንባሩ ከኣ፡ 1ብ1 ተፈላልየን። ሂምቦል'ውን ምስታ ሓንቲ ነጥቢ ዘላታ ኣቡሓዪ ገጢማ። ሂምቦል፡ ኣብ ማበል 57 ደቒቕ ካብ ዳናይት መልኣከ ብዝረኸበታ እንኮ ሹቶ ከኣ፡ ፋልማይ ዓወት ምምዝጋባ፡ ጸብጻብ ናይ'ቲ ውድድር ኣረዲኡ።

## ራቢዮ፡ ናብ ማርሴ

ዝሓለፈ ወርሒ ስነ ምስ ጁቬንቱስ ውዕል ወዲኡ ድሕሪ ምውጽኡ ዛጊት ጋንታ ዘይረኸበ ዘሎ ኣድሪያን ራብዮት፡ ምስ ኦሎምፒክ ማርሴ ክጽምበር ዝኽእል ውዕል ኣብ ምጽኣፍ ከምዝርከብ ተገሊጹ።

ራብዮት፡ ቀንዲ ክፋል ሕክምናዊ መርመራ ብዓወት ዛዚምዎ ምህላዉ ይግለጽ ዘሎ። እዚ ወዲ 29 ዓመት ኣከፋፋሊ፡ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ክፍርም ምኳኑ'ውን ይሕበር። ራብዮት፡ እዚ ውዕል ምስ ተፈጸመ፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመታት ናብ ሊግ ሃገሩ ክምለስ እዩ። ወማዊ ፕሮፈሽናል ናይ ዓበይቲ ጸወታኡ ምስ ፒኤስጂ ኣብ 2012 ዝጀመረ ራብዮት፡ ክሳብ 2019 (ንሓደ ዓመት ብልቓሕ ምስ ፈረንሳዊት ክሉብ ቶሉስ ተጻዊቱ ነይሩ) ማልያ እዛ ክሉብ ምልባሱ ይዝከር።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሻምፕዮንስ ሊግ

ቦሎኛ - ሻኽታር ዶኔትስክ 7፡45 ምሸት

ስፓርታ ፕራጋ - ኣርቢ ሳልዝበርግ 7፡45 ምሸት

ፒኤስጂ - ጂሮና 10፡00 ምሸት

ክሉብ ብሩጅ - ቦሩሽያ ዶርትሙንድ 10፡00 ምሸት

ሰልቲክ - ስሎቫን ብራቲስላቫ 10፡00 ምሸት

ማን ሲቲ - ኢንተር ሚላን 10፡00 ምሸት

## ፒዮሊ፡ ምስ ኣል-ነስር ይዘራረብ

### ኣል-ነስር፡ ዓላሚኡ ኣባሪሩ

ናይ ቅድም ዓላሚ ኤሲ ሚላን ስተፋኖ ፒዮሊ፡ መዘኡት ምስልጣን ስዑዳዊት ክሉብ ኣል-ነስር ንምቕባል ኣብ ምዝርራብ ይርከብ ኣሎ - ብማሰረት ናይ ኢጣልያ ምንጪታት።

ብክሪስቲያኖ ሮናልዶ እትቕለስ ኣል-ነስር፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ንዓላሚኣ ሉዊስ ካስትሮ ካብ ስርሑ ኣልያቶ እያ። እዛ ብውጽኢት እዚ ዓላሚ ዘይዓገበት ክሉብ፡ ኣቐዲማ መተካእታኡ ዝኸውን ዓላሚ ሃሰው ኣብ ትብለሉ ዝቐጸለት እዋን እያ፡ ንፒዮሊ ኣብ ራዳራ ኣእትያቶ።

ካብ ኤሲ ሚላን ድሕሪ ምውጽኡ ኣብ ዕረፍቲ ዘሎ እዚ ኢጣልያዊ ዓላሚ፡ ናብ ሮማ ክቐንዕ እዩ ክበሃለሉ'ውን ጸኒሑ እዩ። ምኽንያቱ ዛጊት ካብ ኣርባዕተ ናይ ሊግ ግጥማት ክትዕወት ዘይከኣለት ዛላ ሮማ፡ ኣብ ሰለስተ ማዕረ ብምውጻኣ ሰለስተ ነጥቢ ጥራይ ኣምጺኣ ንዘሎ ዓላሚኣ ዳኒኤል ዲ ሮሲ ከተባርሮ ከምእትኽእል ይግለጽ ብምህላዉ።



እንተኾነ፡ እቲ ዝለዓለ ተኽእሎ ዘለዎ ማሰርሒ፡ ፒዮሊ ናብ ማእከላይ ምብራቕ ክግዕዝ እዩ። ብማሰረት እሙናት ምንጪታት ድማ፡ እቲ ውዕል ክውዳእን ፒዮሊ ሓዳሽ ዓላሚ እዛ ጋንታ ክኸውንን ተቓሪቡ ኣሎ።

## ካፐሎ፡ ምርጫኡ ሮድሪ ምዃኑ ገሊጹ

### ሮድሪ፡ ኣድማ ክንገብር . . .


ናይ ቅድም ዓላሚ ሪያል ማድሪድ ፋብዮ ካፐሎ፡ ኣከፋፋሊ ማን ሲቲ ሮድሪ ንናይ ሎሚ ዓመት ሽልማት ባሎን ድ'ኦር ክዕወተላ ከምዝመርጽ ገሊጹ።

ሓደ ካብ ዝበለጹ ኣከፋፈልቲ ምዃኑ ዝኣመነሉ ሮድሪ፡ ዝሓለፈ ዓመት ጋንታኡ ንራብዓይ ተኸታታሊ ግዜኣ ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ክትከውን መሪሕ ተራ ምጽዋቱ ይዝከር። ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ 2023 ንእንኮ መዕወቲ ሹቶ ዘመዝገበ ሮድሪ ሃገሩ እስጳኛ ሻምፕዮን ኤውሮጳ 2024 ክትከውን'ውን ኣበርክቶኡ ሰማይ ጠቀስ ምንባሩ ኣይርሳዕን። በዚ ከኣ ኣብዛ ናይ ሎሚ ዓመት ሽልማት ሓደ ካብቶም ብቑዳምነት ዝጥቀሱ ተጻወትቲ ኮይኑ ኣሎ።

ካፐሎ ምስ ጋዜጣ ኮሪረ ደላ ስራ ኣብ ዝገበሮ ቃለምልልስ፡ እዚ ወዲ 28 ዓመት ምስከዕወት ደስ ከምዝብሎ ተዛሪቡ። "ኣብ ፕሪመር ሊግ፡ ሻምፕዮንስ ሊግን ዋንጫ ኤውሮጳን ብዝርኣየ ብቕዓት፡ ነዛ ሽልማት ምሳብኩዎ ነይረ። ኣብዛ ወቕቲ ዝበለጸ እዩ ነይሩ።" ኢሉ።

ሮድሪ ኣቐዲሙ ምስ ናይ ሃገሩ መርበብ ሓበሬታ ኣኤስፒኤን ኣብ ዝገበሮ ጻንሒት፡ እዛ ተባሂጊት ሽልማት ሕልሙ ምዃና፡ ናይ 64 ዓመታት ትጽቢት ሃገሩ መኽተምታ ክገብረሉ ከምዝደሊን ገሊጹ ነይሩ።

"ገለ ሰባት 'ሮድሪ ብኸመይ ክዕወተላ፡ ንኣብነት ኢኒስታ ወይ ዣቪ ተዓዊቶምላ ድዮም?' ይብሉ እየም። ይሰማማዕ እየ። ንሶም ኣብቲ ዝበለጸ ዘመን እየም ነይሮም። እንተኾነ፡ ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ሊያኔል ሜሲን ኣብ ዝበርዎ ዘመን'ውን እየም ነይሮም።" ዝበለ ሮድሪ፡ ዋላ'ኳ ብሉጻት ኣከፋፈልቲ ብፍጹም ዘይተዓወቱላ እንተኾነ፡ ከምዚ ከምኡ እናኣከፋፈለ ዝጸንሕ ተጻዋታይ ክዕወተላ ግና፡ ደስ ከምዝብሎ ይዛረብ። ምኽንያቱ፡ ኑቲ ዝዕወተላን ኣብቲ ቦታ ክጻወቱ ንዝመርጹ ንኣሽቱ ተጻወትቲን ብዙሕ ትርጉም ከምዘለዎ ይዛረብ። እስጳኛ፡ ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 1960 ብመገዲ ሉዊስ ስዋረዝ ነዛ ሽልማት ምስ ተዓወተትላ እያ።



ሮድሪ ካፐሎ

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሮድሪ፡ ተጻወትቲ ብሰሪ ምውሳኽ ግጥማት ኣድማ ክገብሩ ተቓሪቦም ምህላዎም ተዛሪቡ። ንሱ፡ "ከምዝመስለኒ ቀሪብና ኣለና። ብዙሕ ምውሳኽ ጸወታ ንዘየኻ ተጻዋታይ ምስ እትሓቶ፡ መልሱ ተመሳሳሊ እዩ፡ ኣይቅበሎን እዩ። ብኸምዚ እንተቐጺሉ ከኣ ካልእ ኣማራጺ ኣይክህልወናን እዩ። እንተኾነ ብሓባር ንርኣዮ።" ኢሉ።

ሎሚ ምሸት ንኢንተር ሚላን እትዕድማ ሲቲ፡ ምስ ሓደሽ ኣገባብ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግን ዋንጫ ክለባት ዓለምን ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት እንተወሓደ ኣርባዕተ ግጥማት ክውሰኻ እዩ። ኣቐዲሞም ብርኽት ዝበሉ ተጻወትቲ፡ ብዝዕባ ብዝሒ ጸወታታት ዘለዎም ተቓውሞ ከም ዘሰምዑ ይዝከር።

ናይ ቀረባ ኣብነት፡ ብቐደማ ትማሊ ሓላዊ ልዳት ሊቨርፑል ኣሊሶን፡ ብዝዕባ ምውሳኽ ግጥማት ዝኾነ ኣካል ንተጻወትቲ ከምዘይሓተተ ክገልጽ እንከሎ፡ ተኸ=ላኻሊ ማን ሲቲ ማኑኤል ኣካንጂ ከኣ፡ ሰሪ ዕረፍቲ ዘይህብ መደብ ጸወታ፡ ወዲ 30 ዓመት ምስ ኮነ ጥሮታ ክወጽእ ከምዝኽእል ጭርቃን ሓዘል ዘረባ ተዛሪቡ ነይሩ።

## ቅንጥብጣብ

* ሆላንዳዊት ክሉብ ፒኤስቪ፡ ኣብዚ እዋን ውዕል ኣልቦ ኮይኑ ዝሎ ኢቫን ፐሪሲች ንምፍራም ትሰርሕ ኣላ።

ኣብ ጥሪ 2024 ካብ ቶተንሃም ተፋንዩ ናብ ሃጅዱክ ዝተባህለት ናይ ሃገሩ ክሉብ ዝተጸምበረ ፐሪሲች፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኑሓሱ ብናይ ሓባር ምርድዳእ - ዝኣተዎ ውዕል ኣቋሪጹ ናጻ ተጻዋታይ ኮይኑ ይርከብ። ፒኤስቪ ከኣ፡ ኣገልግሎቱ ብምብሃጋ፡ ብናጻ ክተፈርሞ ትሰርሕ ኣላ።

* ብቐዳም ንማን ሲቲ ኣብ 22 ካልኢት ሹቶ ዘመዝገበ ኣጥቃዓይ ብረንትፎርድ የኣን ዊሳ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብቲ ጸወታ ዘጋጠሞ ናይ ዓንካር ዓንካሪቶ መጉዳእቲ፡ ንኽልተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ክርሓቕ ምዃኑ፡ ኣሰልጣኒኡ ቶማስ ፍራንክ ሓቢሩ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ፕረዚደንት ፑቲን፡ ቍጽሪ ሰራዊት ሃገሩ ክብ ክብል ኣዚዙ

ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ቍጽሪ ሰራዊት ሃገሩ ብ180 ሽሕ ክወሰኽ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ።

በዚ ኸኣ ቍጽሪ ሰራዊት ሩስያ፡ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመት፡ ናብ ኣስታት 2.4 ሚልዮን ክብ ከምዝብል ይግለጽ ኣሎ።

ፕረዚደንት ፑቲን ድሕሪ ምውላዕ ኩናት ዩክሬን ንሳልሳይ ግዜኡ ቍጽሪ ሰራዊቱ ክብ ከምዝበለ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ብተመሳሳሊ፡ ቍጽሪ ሰራዊት ሃገሩ ብ170 ሽሕ ክብ ከምዝበሎ ኣዘኻኺሮም።



መንግስቲ ሩስያ፡ ኣብ ምክልኻል ዝውዕል ተወሳኺ ባጀት ከምዝስልዕ እዩ ፕረዚደንት ፑቲን ብተወሳኺ ኣፍሊጡ ዘሎ። ሩስያ፡ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ኣብቲ ዞባ ዝኽተሎ ዘሎ ተጻብኦ ፖለሲታት፡ ብወገና ወተሃደራዊ ዓቕማ ክብ ክትብል ኣገዳሲ ምዃኑ'ዩ ሚኒስትሪ ምክልኻል'ታ ሃገር ዘጸር።

## 'ክሊማዊ ለውጢ ንጥዕና ህጻናት ኣብ ሓደጋ ከውድቖ'ዩ' ቢል ገይትስ

ክሊማዊ ለውጢ ዝጠንቁ ስእነት መኣዛዊ መግቢ፡ ንጥዕና ህጻናት ኣብ ሓደጋ ከም ከውድቖ፡ ብዋና ዋኒን መስራትን ኩባንያ 'ማይክሮሶፍት' ቢል ጌይትስ ኣጠንቂቑ።

ክሊማዊ ለውጢ ካብ ዘኸትሎ ኣሉታዊ ሳዕቤናት፡ እቲ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ኣብ ጽላት ሕርሻ ምኳኑ ዝጠቐሰ ቢል ጌይትስ፡ ብሰንኪ ምምዝባል ኩነታት ኣየር ዝስዕብ ደርቂ ወይ'ውን ብርቱዕ ዝናብ ንኣግራብ ምሉእ ብምሉእ ከምዝብድሞም ኣረዲኡ።

ካብ 2024 ክሳብ 2050 ኣብ ዘሎ እዋን፡ ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ፡ ልዕሊ 40 ሚልዮን ህጻናት ብኣሉታ ክጽለዉ ከምዝኽእሉ ዝሓበረ ቢል ጌይትስ፡ ካልኣት ልዕሊ 28 ሚልዮን ድማ በቲ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝበሃል ስእነት መኣዛዊ መግቢ ከምዝጥቅዑ'ዩ ገሊጹ።



ኣብ 2023፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣስታት 148 ሚልዮን ህጻናት፡ ብሰንኪ ስእነት መኣዛዊ መግቢ ግቡእ ዕብየት ከምዘየመዝገቡ፡ ካልኣት ልዕሊ 45 ሚልዮን ድማ፡ ንዓጸቦ ከምዝተቓልዑ እዩ ጠቒሱ ነይሩ።

በዚ ኸኣ ቢል ጌይትስ ብመንገዲ ማዕከን ምወላ ቁልዕ ውድብ ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ) ኣቢሉ፡ ኣብ ምምቕራሕ መኣዛዊ መግቢ ህጻናት ዝውዕል ሓገዝት ብቐልጡፍ ክወሃብ ይጽውዕ ኣሎ።

እቲ ሕጂ ቀሊል ዝመስል ዘሎ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ፡ ንመጻኢ ወለዶ ናብ ዘይወጽኦ ዕዝቕቲ ከም ዘጥሕሎ ዝሓበረ ጌይትስ፡ ብኣጋ ንምክልኻሉ ዕቱብ ስጉምቲ ክውሰድ እዩ ተማሕጺኑ።

ካብ 2010 ክሳብ 2020 ኣብ ዝበረ እዋን፡ ኣብቶም ብክሊማዊ ለውጢ ዝስዕብ ሓደጋታት ዝተቓልዓ ሃገራት፡ ብዕልቕልቕ፡ ደርቂ፡ ባርዕ ሓዊ ህቦብላዊ ዝናብን ናይ ዝሞቱ ሰባት ቍጽሪ፡ ምስ ናይ ዝሓለፉ እዋናት ክነጻጸር እንከሎ፡ እቲ ኣሃዝ ብ15 ዕጽፊ ከምዝዛየደ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ሚያንማር - ብዕልቕልቕ ልዕሊ 200 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ሚያንማር፡ ህቦብላዊ ዝናብ ብዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕን ምሕማም መሬትን ናይ ዝሞቱ ሰባት ቍጽሪ ናብ ልዕሊ 200 ክብ ከምዝበለ ሰብመዚ እታ ሃገር ሓቢሮም።

ብተወሳኺ ካልኣት ልዕሊ 80 ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ብምህላው፡ ቍጽሪ ምውታት ክዛይድ ከምዝኽእል እየም እቶም ሰብመዚ ዝእምቱ።

ኣብ መጀመርያ ናይዛ ወርሒ፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ቬትናም፡ ላኦስ፡ ታይላንድን ሚያንማርን ዝተራእየ 'ያጊ' ዝተሰምየ ህቦብላዊ ዝናብ፡ ዛጊት ልዕሊ 500 ሰባት ከምዝቐተለ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

በቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸር ሄክታር መሬት ከምእተደምሰሰ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ሰባት ተጸበይቲ ህጹጽ ረድኤት ኮይኖም ከምዝለዉ ኣረዲኦም።

ካብ 2021 ኣትሒዛ ብሓድሕዳዊ ግጭት ትሳቐ ዘላ ሚያንማር፡ እዚ ሕጂ ተኸሲቱ ዘሎ ባህርያዊ ሓደጋ ካልእ ተጽዕኖ ከምዝኾና እዩ ዝንገር።

እዚ ሕጂ ኣብ ሚያንማር ዝተኸስተ ሓደጋታት ዕልቕልቕን ምሕማም መሬትን፡ ኣብ ታሪኽ እታ ሃገር ካብ ዝተራእዩ ባህርያውያን ሓደጋታት እቲ ዝኸፍአ ምኳኑ እዩ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣፍሊጡ።

ብዘይካዚ ኣብ ቬትናም በቲ ህቦቡ 292 ሰባት ከምዝሞቱን ካልኣት ልዕሊ 38 ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ከምዘሎን ይሕበር።



## ብዕጡቓት ሑቲ ዝተሃርመት መርከብ ናብ ውሑስ ቦታ ግዒዛ

ኣብ ማያት ቀይሕባሕሪ፡ ብዕጡቓት ሑቲ ተሃሪማ ናይ ምጥሓል ሓደጋ ኣንጸላልዩዋ ዝጸንሐት መርከብ ግሪኽ ናብ ውሑስ ቦታ ክትግዕዝ ከምዝኸኣለት፡ ሓይሊ ባሕሪ ሕብረት ኤውሮጳ ሓቢሩ።

እታ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን በርሚል ነዳዲ ጽዒና ዝበረት 'ኤም-ቪ-ሲንዮን' ዝተሰምየት መርከብ ግሪኽ፡ ድሕሪ'ቲ ብሑቲ ዝወረዳ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ሰንፈላል ምጽንሓ ይፍለጥ። እዮም ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ሕብረት-ኤውሮጳ ዝሕብሩ ዘለዉ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብታ መርከብ ዝበረ ልዕሊ 1 ሚልዮን በርሚል ነዳዲ ናብ ቀይሕባሕሪ እንተዝፈስስ፡ "ኣዝዩ ሓደገኛ ብከላ ምሰዓበ ነይሩ" ክብሉ እዮም ክኢላታት ዝሕብሩ።

ነታ መርከብ ናይ ምስሓብ ስርሒት ምስ ወከልቲ ሑቲ ብምዝርራብ ከምእተኻየደን እቲ ስርሒት ብሓላፍነት



ከይትጥሕልን ኣብ ባሕሪ ከቢድ ብከላ ከይተስዕብን ድማ እዩ ተሰጊኡ ጸኒሑ።

ድሕሪ'ቲ ብ23 ነሓሰ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ እታ መርከብ ጽዒናቶ ዝበረት ነዳዲ ናብ ባሕሪ ከይፈስስን ብከላ ከየስዕብን ንምሕብራሱ ዓለም ከቢድ ሻቕሎት ፈጢሩ ከምዝጸንሐ እዩ ዝግለጽ።

መርከብ 'ኤም-ቪ-ሲንዮን'፡ ምስ ምሉእ ጽዕነታ ተሳሒባ ክትወጽእ ከምዝኸኣለት ናይ ብሕቲ ትካላት ከምእተሳለጠን እዮም ጸብጻባት ዝጠቐሱ። ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኤውሮጳ ድማ ኣብ ሓለዋ ተዋፊሮም ምንባሮም እቶም ጸብጻባት ኣረዲኦም።

ዕጡቓት ሑቲ፡ ኣብቲ ከባቢ ዘካይድዎ ዘለዉ መጥቃዕትታት፡ ከም መልሰ ግብሪ ናይቲ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ-ቓዛ ተካይዶ ዘላ ኣልማማ ደብዳብ ምዃኑ'የም ጸብጻባት ዘጸንዑ።

## ፖርቱጋል - ባርዕ ሜካ ዕንወት የውርድ

ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ፖርቱጋል ተኸሲቱ ዘሎ ባርዕ ሜካ፡ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ኮይኑሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ከቢድ ኣከባብያዊ ዕንወት የውርድ ከምዘሎ ተገሊጹ።

በቲ ዛጊት ኣብ 20 ከባቢታት'ታ ሃገር ተኸሲቱ ዘሎ 128 ሓደጋታት ባርዕ ሜካ፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ሄክታር መሬት ከምእተሃሞኸ እዩ ተሓቢሩ።

ነቲ ናብ ሰፊሕ ከባቢታት እታ ሃገር ደልሒም ከምዝሎ ዝነገረሉ ዘሎ ባርዕ ሜካ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምውዓል፡ ኣብቲ ከባቢ ልዕሊ 5 ሽሕ ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ ተዋፊሮም ከምዝለዉ እዮም ጸብጻባት ዝጠቐሱ።

ብተወሳኺ በቲ ባርዕ ሜካ፡ 2 ሰባት ከምዝሞቱ፡ ካልኣት 12 ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ ድማ ከምዝቘሰሉ እዩ ተሓቢሩ።

መንግስቲ ፖርቱጋል ነዚ ከቢድ ዕንወት ዘውርድ ዘሎ ሓደጋ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምውዓል፡ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ደገፍ ከምዝሓተተ እዩ ዝቃላሕ ዘሎ።

በዚ ኸኣ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት 8 ናይ መጥፋእቲ ሓዊ ነፈርቲ ናብታ ሃገር ከምዝለኣኸ ኣፍሊጡ።

ክሊማዊ ለውጢ ዝጠንቁ ዓለማዊ ዋዒ፡ ቀንዲ ምኽንያት ናይ ወዑይን ደረቕን ኩነታት ኣየር ምዃኑ እዮም ክኢላታት ዝሕብሩ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኖቫ | 18/09/2024 | ጎደና ዓይገት ቁ.214 ከባቢ ፓስጣ ዕዳጋ ዓርቢ | 07120574 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services